# ትምህርቲ ድሕነት

ኤብን-ዔዘር ናይ መሰረት ፈውሲ ቤተክርስትያን
ናይሮቢ፣ ኬንያ

Ebenezer Foundational Healing Church

(Bible Study material)

ብኣገልግሎት ወንጌል ዝተዳለወ

እዚ ጽሑፍ እዚ ብናጻ ኣባዚሕካ ንውልቅን ንጉግለን
ንመጽናዕቲ ክትጥቀመሉ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ምውዓል ግና ፍቑድ ኣይኮነን።

ኤብን-ዓዘር ናይ መሰረት ፈውሲ ቤተክርስትያን
ናይሮቢ፣ ኬንያ
2009

# ትሕዝቶ


1ይ ትምህርቲ ፣ መጽሓፍ ቅዱስ

2ይ ትምህርቲ ፣ ህላወ እግዚኣብሄር ብኸመይ ንፈልጥ፧

3ይ ትምህርቲ ፣ ሰብ

4ይ ትምህርቲ፣ ምስ ክርስቶስ ምምልላስ

5ይ ትምህርቲ፣ ጥምቀት ብማይ

6ይ ትምህርቲ፣ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ

7ይ ትምህርቲ፣ ኣገልግሎት

# <u>መእተዊ</u>

ትምህርቲ ድሕነት እትመሃር፣ ብእኡ ምእንቲ ክትድሕን ኣይኮንካን። ግናኸ፣ ሓንሳእ ወንጌል ሰሚዕካ፣ ምድሓን ብክርስቶስ የሱስ ብምእማን ጥራይ ከም ዚርከብ ምስ ኣመንካ፣ ሽዑ ንጐይታ የሱስ ከም ጎይታኻን ብብሕትኻ መድሓኒኻን ከም ዝኾነ ምስተቐበልካዮ ድሒንካ ኢኻ። እዚ ድማ፣ ብምኽንያት ብደም ክርስቶስ እተገብረ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ኣሎካ። እዚ፣ ዘይፈርስ ዘለኣለማዊ ኪዳን እዩ። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 10፣6 “እቲ ደገ ኣባጊዕ ኣነ እየ” ዚብል ቃል ንረክብ። ብሓቂ እቲ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ብደም ክርስቶስ ዚግበር ኪዳን ዝገበረ፣ በዚ ደገ ዝኾነ ክርስቶስ ኪኣትው መሰል ኣለዎ።

ኪዳን፣ ኣብ መንጎ ክልተ ኣካላት ዚግበር እሞ ኣብዛ ምድሪ ክሳዕ ዘለዉ ዘይፈርስ ነገር እዩ። እዚ ሓቐኛ ኪዳን ዋጋ ብምኽፋል ዚሕሎን ዚጸንዕን እዩ እሞ፣ ክርስቶስ የሱስ እዩ ናብ ሕብረት እግዚኣብሄር ኣቦኡ ምእንቲ ኬእትወና ኢሉ ዋጋ፣ ማለት ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደሙ ከፊሉልና። እዚ እዩ እቲ ዝሃበና ሓድሽ ኪዳን። ኣብ ወንጌል ሉቃስ 22፣19-20 “...ነቲ ጽዋእ ኣልዒሉ እዛ ጽዋእ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ <u>ሓድሽ ኪዳን</u> እያ፣” ኪብል ከሎ ነዚ ሓቂ እዚ የነጽረልና።

ትምህርቲ ድሕነት እምበኣር፣ ነዚ ብእምነት ዝረኸብናዮ ምድሓን ኣብ ህይወት ክርስትና ከመይ ኢልና ክንነብሮን ክንፍጽሞን ኣጸኒዕና ድማ ክንሕዞን ከምዚግበኣና ዚምህረና እዩ። ስለዚ ኸኣ፣ ቅድሚ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ህይወት ኪህልወና ከም ዘለዎ ኣንፈት ዜትሕዘና እዩ። ክርስትና ጉዕዞ እዩ እሞ፣ እቲ ዚጓዓዝ ድማ ኩሉ ጊዜ ኣበይ ኪበጽሕ ከም ዘለዎ ነቲ ዝመደቦ ጉዕዞኡ ኣንፈት ኪሕዝ ከምዚግባእ ርዱእ እዩ። እንተዘየሎ፣ ኣብታ ዘለዋ ዕንኪሊል ካብ ምባል ይሓልፍን እዩ። ክርስትያን ድማ ከምኡ። ኣብ ምድሪ ኳንካ ናብ ሰማይ እትጉዓዞ ጉዕዞ እዩ። እምበኣርከ፣ ክርስትያን ተጓዓዛይ ኣንፈቱ ኪፈልጥ ኣለዎ። በዚ ትምህርቲ ድሕነት ጀሚርካ ናብ ዕቤት ምልኣት ክርስቶስ ክሳዕ እትበጽሕ ኩሉሳዕ ተመሃሪ ልቢ የድልየካ።

## 1ይ ትምህርቲ

# መጽሓፍ ቅዱስ

*መጽሓፍ ቅዱስ፣ ብርግጽ መጽሓፍ እዩ፣ ግን ከኣ ተራ መጽሓፍ ኣይኮነን። ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና መገዲ ኣምላኽ ድማ ዜርእየናን ቃል ህይወት ዚህበናን ህይወት ዚኾነናን እዩ። ከም ክርስቲያናት እንታይነት መጽሓፍ ቅዱሰ ኣጸቢቕና ክንፈልጥን ክንርዳእን የድልየና። ከምቲ ኹሉ ፍልስፍናዊ ስርዓተ ሓሳብ ነናቱ መገድን ኣመለኻኽታን ዘለዎ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ባዕሉ መገዲ (ንሱ ድማ ሰማያዊ መገዲ) ኣለዎ። ነዚ ንምብራህ ገለ ነጥብታት ክንርኢ ኢና።*

### *1. መጽሓፍ ቅዱስ ካበይ መጺኡ?*

መጽሓፍ ቅዱስ ደራሲኡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ባዕሉ እዩ። በዚ ድማ ኢና ኣምላኽ ዝሃበና መጽሓፍ እዩ እንብል ዘሎና። ነዚ ዜረጋግጸልና ሓደ ጥቕሲ *"እግዚኣብሄር ግና በለኒ፣ ናብ ዝልእኸካ ኹሉ ኪድ፣ እቲ ዝእዝዘካ ኹሉ ድማ ተዛረብ ..."* ዚብል እዩ። (ኤር 1፣17) ኤርምያስ ቃል ኣምላኽ ንኺነግር ኪድ ተባሂሉ ተኣዚዙ። (2ጴጥ 1፣20-21, 2ጢሞ 3፣15-16) ስለዚ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብቕዱሳት ሰባት ኣቢሉ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህበና መጽሓፍ እዩ።

### *2. ንመጽሓፍ ቅዱስ መን ጽሒፍዎ?*

እግዚኣብሄር እተዛረቦም ቅዱሳን ሰባት ብመንፈስ ተመሪሖም እዮም ጽሒፎሞ። (2ጴጥ 1፣20-21) ካብቶም ንመጽሓፍ ቅዱስ ዝጸሓፉዎ ሰባት ዝተፈላለየ ደረጃ ናብራን ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርትን ዝነበሮም፣ ኣብ ኣዝዩ ዝተርሓሓቐ ዘመናትን ዝነበሩ እዮም። ኣብነት ናይዚኦም ምስእንርኢ፣- ጓሶት (ዳዊትን ኣሞጽን)፣ ነገስታት (ሰለሞንን ዳዊትን)፣ ካህናት (ህዝቅኤልን እዝራን)፣ መራሕቲ (ሙሴን እያሱን)፣ ገፈፍቲ ዓሳ (ጴጥሮስን ዮሃንስን)፣ ሓካይም (ሉቃስ) ነብያት (ሳሙኤል፣ ኢሳይያስን ዳንኤልን ወ.ዘ.ተ.)። ብዝሖም ድማ ካብ ኣርብዓ ዘይውሕዱ ሰባት እዮም ኔሮም።

### *3. እግዚኣብሄር ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ተዛሪብዎም?*

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝረኤናዮም ቅዱሳት ሰባት፣ እግዚኣብሄር ብኸመይ ዝበለ መገዲ እዩ ተዛሪብዎም ንመጽሓፍ ቅዱስ ጺሒፎምዎ?

❖ **<u>ቃል ብቃል</u>**፣- ልክዕ ኣቦ ወይ ኣደ ንደቆም ደብዳቤ ከም ዚጽሕፉ ብመልክዕ ደብዳቤ "ነዘን ዝነገርኩኻ ቃላት ኩለን ኣብ መጽሓፍ ጸሐፈን" ይብል እቲ ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ

ቃል (ኤር 30፣1-2) ራእይ ዮሃንስ ድማ ብመልክዕ ደብዳቤ እዩ ናብተን ናይቲ ዘመን ማሕበራት ተጻሒፉ። (ራእይ 1፣11)

- **<u>ብምግላጽ</u>**፣- ምግላጽ ማለት እግዚኣብሄር ብመለኮታዊ ሓይሉን ባህርዩን ንሰባት ዚህቦም ፍልጠት መንፈሳዊ ነገር እዩ። ካብቲ ዝተገልጸሎም ድማ እግዚኣብሄር መን ምዃኑ ኪጽሕፉ ክኢሎም። ንኣብነት፣ እግዚኣብሄር ንሙሴ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ ምዃኑ ተገሊጹሉ። (ዘፍ 17፣1)

- **<u>ብግልጺ ብምዝርራብ</u>**፣- እግዚኣብሄር ምስ ሙሴ ብግልጺ ይዘራረብ ከም ዝነበረ፣ እቲ ዝተዛረቦ ድማ ከም ዝተጻሕፈ ንንብብ። "ሰብ ምስ ፈታዊኣኡ ከም ዝዘራረብ እግዚኣብሄር ድማ ምስ ሙሴ ገጽ ንገጽ ይዛረቦ ኔሩ።" (ዘጸ 33፣11) እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉዎም፣- *ዘረባይ ደኣ ስምዑ ኣብ ማእከልኩም ነብዪ እንተሎ ኣነ ክግለጸሉ ብሕልሚ እዛረቦ፣ ባርያይ ሙሴ ከምኡ ኣይኮነን፣ ንሱ ኣብ ብዘላ ቤተይ እሙን እዩ ብምስሊ ኣይኮነን፣ ብግልጺ እምበር ኣፍ ንኣፍ እዛረቦ፣ ንሱ ምስሊ እግዚኣብሄር ይርኢ።*

- **<u>ብመንፈስ ምርዳእ (ኣእምሮ ቀዲሱ ብምጥቃም)</u>**፣- ኣምላኽ፣ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ገይሩ ንሰባት ሓሳብ ኣምላኽ ዝሐዘ መልእኽትታት ይህቦም። ንኣብነት፣ ሃዋርያ ጳውሎስ መልእኽትታቱ ዳርጋ ኹሉ ብምርሒት መንፈስ ቅዱስ እዩ ጽሒፉዎ። ከምዚ ኢሉ ንኣብነት፣- *"ስለዚ ኣነ ጳዉሎስ ምእንታኹም ኣህዛብ ናይ የሱስ ክርስቶስ እሱር ቀደሚ ኣሕጺረ ከም ዝጸሓፍኩ እቲ ምስጢር ከመይ ኣቢሉ ብራእይ ከም ዘፍለጠኒ ብዛዕባ እቲ ስሌኻትኩም እተዋህበኒ መጋቢንት ጸጋ ኣምላኽ ስሚዕኩም እንተ ዄንኩምሲ፣ ምስ ኣንቢብኩምዎ፣ ነቲ ኣብ ምስጢር ክርስቶስ ዘሎኒ ፍልጠት ከተስተውዕልዎ ይኽነልኩም እዩ።"* (ኤፌ 3፣1-4) እዚ ጳውሎስ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣብኡ ዝተነብረ መጋቢነት ጸጋ፣ ሰብ ኤፌሶን ምእንቲ ኪፈልጡ እሞ ነቲ ምስጢር ክርስቶስ ምእንቲ ኬስተውዕልዎ ብኣእምሮ ከም ዝጸሓፎ፣ ግናኸ መንፈስ ኣምላኽ ዘለዎ ስለዝኾነ ህይወት ደቂ ሰባት ኬስተኻኽል ከሎ ንርኢ። ካልእ ነዚ ዝኣመሰለ መልእኽትታት'ውን ኣሎ። (ዘጸ 31፣12 *ንሙሴ፣* 2ሳሙ 23.1-3 *ንዳዊት፣* 1ሳሙ 3፣19-21 *ንሳሙኤል፣* ኤር 1፣1-10, 36፣4-6 *ንኤርምያስ፣* ራእይ 1፣10-11 *ንዮሃንስ፣* ህዝ 3፣10-11, 17፣2-7 *ንህዝቅኤል።* እዚ ከምኡውን ካልእ፣ እግዚኣብሄር ኣእምሮኦም ተጠዊሙ ቃሉ ብእኦም ከምእተጻሕፈ የረድኣና።

እቲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ፍልይ ዘብሎ ቀንዲ ግና፣ ኣብ በበይኑ ዘመንን ብዝተፈላልዩ ሰባትን ተጻሒፉ ክነሱ፣ ንሓድሕዶም ዚጋጮ ሓሳብ ዘይምህላዉ እዩ። ነቲ መንፈስ ናይቲ ቃል እንተረኺብናዮ፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓድነት ናይ ሓሳብን ዕላማን ንረክብ - ንሱ ድማ ኣምላኽ ኣብ ደቂ ሰብ ዘለዎ ሰናይ ሓሳብን ምድሓንን እዩ። እዚ ድማ እዩ ቃል ኣምላኽ ዜብሎ ምኽንያት።

## <u>መጽሓፍ ቅዱስ ርግጽ ቃል እግዚኣብሄር</u>
## <u>ምዃኑ ዘረጋግጸልና</u>

1. **ሓቅነቱ** - ናይ ሓደ ነገር ሓቅነት ብዝተፈላለየ መገዲ ኪረጋገጽ ይኽእል። ንኣብነት፣ ዚርኤን ዚርምሰስን ክዉን ነገር ኪኸውን ከሎ፣ ዚጭበጥ ወይ ዚስትውዓል ወይውን ርትዓዊ ህልውና ኪህልዎ ኸሎ። ብኻልእ መገዲ ድማ ረቋቕ ህልውና ሃልዩዎ ከም ደራኺ ሓይሊ ኪግለጽ ኪገሃድ ከሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ዚርኤን ዚርምሰስን ነገር ዚዛረብ መጽሓፍ እዩ። ብዘይክኡውን ዘመናት ሓሊፉ ዚንበ ቃል ኮይኑ ኣብ ታሪኽ እተረጋገጸ እዩ። እቲ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብእምነታዊ ክውንነት ዚረጋገጽ ቃል እተመልአ መጽሓፍ እዩ። ብፍላይ ካብ ኣምላኽን ብኣምላኽን ዝኾነ ነገርን ገለ ካብኡ ምስእንምልከት መጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ መለኮታዊ መጽሓፍ ምዃኑ ንግንዘብ፣-

- ❖ **ህይወት ሰባት ይልውጥ** - ሰብ ቃል እግዚኣብሄር ብዝሰምዓላ ሰዓት ኣብ ህይወቱ ለውጢ ይመጽእ እዩ። ነቲ ዚልውጥ ቃል ምቕባሉ ግና ግደ ናይቲ ሰብ እዩ ዚኸውን። ኣብነታት ዚኾናና ማርያም መግደላዊት ኣብ ሉቃ 7፣36-50 ከምኡውን እታ ሳምራዊት ሰበይቲ ኣብ ዮሃንስ 4 ንረክብ።

- ❖ **ተኣምራታዊ ለውጢ የምጽእ** - ኣብ ምድሪ እስራኤል ጌርጌሴኖን ዚበሃል ቦታ ብኣጋንንቲ ተኣሲሩ ዝነበረ ሰብ ከምዝደሓነ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። (ሉቃስ 8፣26-30) እዚ ከምዚ ዘመሰለ ተኣምራት ኣብ ዘመንናውን ህይወት ሰባት ይልውጥን የድሕንን ኣሎ።

- ❖ **ትንቢታዊ ቃላቱን ኣፈጻጽሙኡን ፍሉይ እዩ**

  ***ኣብነት ናይዚ ዚኾነና፣-***

  - ፍጻሜታት ትንቢት ብዛዕባ ምብታንን ምእካብን እስራኤል (1ነገ 9፣5-9) ምብታን (ዘካ 8፣7-8) ምእካብ (ዘካ 9፣12)
  - ፍጻሜታት ትንቢት ብዛዕባ ምምጻእን ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ። (ኢሳ 9፣6 ዘካ 9፣9 ሚል 3፣1 መዝ 22፣1, 16-18)
  - ብዛዕባ ኩነታት ዓለም፣ ማለት መወዳእታ መዓልትታት፣ ጎይታ የሱስ ቅድሚ 2000 ዓመት ፣ ዝተዛረቦ ሕጂ ኣብ ዘመንና ኪፍጸም ንርኢ ኣሎና። ውግእን ወረ ውግእን በዚሑ፣ ሰባት ዓመጻን ሓጢኣትን ኬብዝሑ ከምኡውን ናይ ስድራቤታት ምፍልላይ ተዘውቱሩ ንረእኽቦ። (ማቴ 24፣3-8).
  - ኩነታት ደቂ ሰባት ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝተነበዮ ኮይኑ ንረኽቦ። (2ጢሞ3፣1-4)

- ❖ **ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከቡ ናይ ታሪኽ ቦታታትን ኣስማትን ፍጻሜታትን ምስ ታሪኽ ዓለም ኣይቃረንን** - ንኣብነት ከተማ ደማስቆን ሃገር ሶርያን፣ ግብጺ፣ ኢትዮጵያ፣ ሮም፣ ንኡስ እስያ ወዘተ... ነገስታት ግብጺ ከም እኒ ፈርኦን ራዕምሴስ፣ ነገስታት ባቢሎን ከም እኒ ነብካድነጻርን ቤልሻጽርን፣ ነገስታት ሜዶንን ፋርስን ከም እኒ ዳርዮስ፣ ቂሮስ፣ ኣሓሽዌሮስ (ዜርክሲስ)፣ ኣርታሕሻስታ (ኣርትዜርክሲስ)፣ ነገስታት ግሪኽ ከም እኒ ኣሌክሳንደር ዓብዪ፣ ነገስታት ሮም ከም እኒ ኣውጉስጦስ፣ ጢበርዮስ፣ ክላውዴዎስ፣ ነገስታት ይሁዳ ከም እኒ ሄሮድስ ዓብዪ፣

ኣግሪጳ፣ ኣርኬላዎስ፣ ፊልጶስ፣ ጰንጦስ ጲላጦስ ወዘተ ብትኽክል ተጠቒሶም ዛንታኦም ድማ ብርትዒ ንረኽቦ።

2. **ጥንታውነቱ** - ንመጽሓፍ ቅዱስ ርግጽ ቃል ኣምላኽ እዩ ካብ ዘብሎ ካልእ እቲ ጥንታውነቱን ብስነቅርሲ ምርግጋጹን እዩ። ኣምላኽ ዘለኣለማዊ እዩ፣ ቃሉ'ውን ከምኡ። ኣብ ዓለም ብዙሕ መጻሓፍቲ ይጸሓፉ። ንዝተፈላለየ ዓውደ ፍልጠት ድማ ይውክል ከም እኒ ፍልስፍና፣ ስነፍልተት፣ ታሪኽ፣ ፖለቲካ፣ ልበ ወለድ ጽሑፋት፣ ወዘተ። ኣብ ዓለምና ካብ ዝተጻሕፈ ጥንታዊ መጽሓፍ ተባሂሉ ዚፍለጥ ሆሜር እተባህለ ግሪኻዊ ዝጸሓፎ ኢሊያድ እዩ። ግናኸ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ኣነጻጺርካ ብጥንታውነት ኪወዳደር ኣይክእልን እዩ። መበቆላዊ ጽሑፍ ኢሊያድ ኣይርከብን እዩ፣ ናቱ ቅዳሓት ጥራይ ይርከብ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና ዘይተለወጠ መበቆላዊ ጽሒፉ ዓቂቡ ንመዋእላት ይነብር ኣሎ። ትሕዝቶን ኣቃውማን መጽሓፍ ቅዱስ ብመሰረቱ ኣይተለወጠን። ለውጢ እንተሎ ዘመናውነትን ምቕያር ትጉም ቋንቋታት እዩ። ምስናይዚ ኹሉ መጽሓፍ ቅዱስ ንኹሉ ውሉድ ኣዳም ብማዕረ ዚምልከቶ መጽሓፍ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብዚ ካልእ ምጥቃሱ ዜድሊ፣ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ኣብ ዓለም ብብዝሒ ምሕታም ዝለዓለ ደረጃ ዝሓዘ እዩ።

3. **ምስክርነት የሱስ ክርስቶስ** - ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እቲ መድሓኒ ዓለም ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም ቃል ኣምላኽ ኣበርቲዑ ጸቒጡ ይምህረሉ ነይሩ። ነዚ ድማ ኣብ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ፣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እናጠቐሰ ነቲ ቃል ሓቂ ካባ ኣምላኽ እተዋህበ ቃል ምዃኑ እናኣስመረ ንብሉይ ኪዳን እናጠቐሰ ምሂሩ።

*"ንሕጊ ኾነ ወይስ ንነብያት ክፍጽሞም እምበር፣ ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዚሓልፍ፣ ኩሉ ክሳዕ ዚፍጸም ካብ ሕግስ የውጣ ወይስ ሓንቲ ሕንጣጥ ከምዘይትሓልፍ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"* (ማቴዎስ 5፣17-18)

*"ብእኡ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ ...።"* (ዮሃ 3፣14-15 ካልእ'ውን መዝ 82፣6 ማቴ 4፣4 ሉቃ 24፣45-47 ዮሃ 10፣35 ተወከስ)

ስለዚ ብሉይ ኪዳን ይኹን ሓድሽ ኪዳን ክልቲኡ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ወይ ቃል ኣምላኽ ምዃኑ ኣነጺሩ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ይገልጸልና። ብሓፈሻ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና ምዃኑ፣ ርግጽ ቃል ሓቂ ምዃኑን በዚ ኸምዚ ዝረኤናዮ ንግንዘብ።

## ቀንዲ መልእኽቲ መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ መልእኽቲ ዘለዎ መጽሓፍ ኮይኑ ብዝተፈላለየ መገዲ ተገሊጹ ንረኽቦ። ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ጀሚርካ ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ቀንዲ መልእኽቲ ወይ ሓሳብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰብ ከመይ ጌሩ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ኪገብር ከምዚኽእልን ከምዘለዎን ምግላጽ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ ወዲ ሰብ ከም ሓሳብ

ኣምላኽ ብጽድቅን ሓጎስን ምእንቲ ኺመላለስ እሞ ዘለኣለማዊ ሕብረት ምስ ኣቦ ወድን መንፈስ ቅዱስን ኪህልዎ እዩ። እምበኣርከ ቀንዲ መልእኽቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምንዳይ ኣምላኽ ንሰብ እዩ።

ቃል ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ብዝተፈላለየ መገዲ ሓሳብ ኣምላኽ ኮይኑ ብኸምዚ ዚስዕብ ተገሊጹ ንረኽቦ፣-

- ብድምጺ እግዚኣብሄርን ኣብ ባህርይ ሰብን - ብዘመን ገነት ኤድን
- ኣብ ሕልና ወዲ ሰብ - (ናይ ሕልና ዘመን) ብዘመን ኖህ
- ኣብ ፍልጠትን ጥበብን ወዲ ሰብ - ዘመን እዮብን ካልኦትን
- ብሕግን ትእዛዛትን እግዚኣብሄር - ካብ ሓርነት ደቂ እስራኤል ጀሚሩ (ዘመን ሙሴ)
- ብመንፈስ ዝደረኾም መሳፍንቲ - ዘመነ መሳፍንቲ ክሳዕ ሳሙኤል
- ብነገስታት - ከም እኒ ዳዊትን ሰለሞንን
- ብነብያት ከም እኒ ኢሳይያስን ኤርምያስን
- ብስብከት ወንጌል - ኣርባዕተ ወንጌላት
- መልእኽትታትን ራእያትን - መልእኽታት ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ራእይ ዮሃንስ ወዘተ

እዚ ኹሉ ንወዲ ሰብ ናብ ድሕነት ምእንቲ ኪመጽእ እግዚኣብሄር ዝተጠቀመሉ ኣገባብ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ብናይ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ግብሪ መስቀል ተፈጺሙ። እግዚኣብሄር ካብዚ ወጻኢ ካብ ክርስቶስ ወጻኢ ዝኾነ ንሰብ ዚኸውን ምኽሪ ምድሓን ኣይመኸረንን።

*"ብእኡ ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፣ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።"* (ግብ 4፣12)

*"ንቲ ኸምቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽን ከምቲ ናይ ጥንቲ ፍልጠቱን ኣሕሊፎም ዝሃቡዎ ወሲድኩም ብኢድ እቶም ሕጊ ዜብሎም ሰቐልኩምዎን ቀተልኩምዎን። ሞት ሒዙ ኬጽንዮ ስለዘይከኣለ ኸኣ፣ ኣምላኽ ካብ ማእሰረ ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ። ... እምበኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቀልኩምዎ የሱስ፣ ንእኡ ጎይታን ክርስቶስን ..ገበሮ ...።"* (ግብ 2፣23-24, 36)

## ትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ፣ ሓደ ጸሓፊ ዝጸሓፎ ዘይኮነስ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተደረኹ ቅዱሳት ሰባት ዝጸሓፉዎ ጥሙር መጻሕፍቲ እዩ። (2ጴጥ 1፣21) ብጠቕላላ 66 መጻሕፍቲ ዝሓዘ ኮይኑ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፍሊ ይኽፈል - ብሉይ ኪዳን ከምኡውን ሓድሽ ኪዳን።

1. ***ብሉይ ኪዳን*** - እዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ 39 ዓበይትን ንኣሽቱን መጻሕፍቲ ዝሓዘ እዩ። ዝርዝራቱ ድማ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ***መጻሕፍቲ ኦሪት*** - ቀዳሞት ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ "እቲ ሓሙሽተ" (ፔንታቱክ) ተባሂሉ ዚጽዋዕ፣ መጻሕፍቲ ኦሪት ወይ መጻሕፍቲ ሕጊ ወይ'ውን ሕጊ ሙሴ ተባሂሉ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ሙሴ ከምዝጸሓፎ ድማ እዩ ዚንገር።

- ***መጻሕፍቲ ታሪኽ*** - እዚ ክፍሊ ብሉይ ኪዳን ካብ መጽሓፍ እያሱ ጀሚርካ ንታሪኽ ደቂ እስራኤል ምስ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ሕብረት ዜዘንቱ መጻሕፍቲ እዩ። ከም እኒ መጻሕፍቲ መሳፍንቲ፣ ሩት፣ ሳሙኤል፣ ነገስት፣ ዜና መዋእል፣ እዝራ፣ ነህምያ፣ ኣስቴር ድማ የጠቓልል።

- ***መጻሕፍቲ ቅኔ/ግጥሚ*** - እዚ ክፍሊ ድማ ትንቢታዊ ዝኾነ መዝሙራት፣ መጽሓፍ እዮብ፣ መጽሓፍ ምሳሌ፣ መሃልየ መሃልይ ከምኡውን መጽሓፍ መክብብ የጠቓልል።

- ***መጻሕፍቲ ትንቢት*** - ኣብ እስራኤል ዝተፈላለዩ ነብያት በብዘመኑ ተንሲኣኦም ነበሩ። ንህዝቢ እስራኤልን ይሁዳን ድማ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብዙሕ ምሂሮም፣ ተነብዮም ከምኡውን ኣጸናኒያም። ናይዞም ዓበይቲ ነብያት ከም እኒ ኢሳይያስን ኤርምያስን፣ ከምኡውን ንኣሽቱ ነብያት ከም እኒ እንባቆም፣ ዘካርያስ፣ ሚልክያስ ወዘተ ትንቢታት ብመልክዕ መጻሕፍቲ ተሰኒዱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተሰኒዱ ንረኽቦ።

ኹሉ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ መንፈሳዊ መልእኽታት ኣለዎ። ኩሉ ድማ ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሄር ዕላማ ምድሓን ንደቂ ሰብ ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ዜመልክተና እዩ። በዚ ኸምዚ ንጹር ዝኾነ ትንቢታዊ ሓሳብ ኣለዎ። ስለዚ ኹሉ እዩ መጽሓፍ ትንቢት ተባሂሉ ዚጽዋዕ።

2. ሓድሽ ኪዳን - እዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ 27 ዓበይትን ንኣሽቱን መጻሕፍቲ ዝሓዘ እዩ። ዝርዝራቱ ድማ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ***ወንጌላት*** - ወንጌል ማቴዎስ፣ ወንጌል ማርቆስ፣ ወንጌል ሉቃስን ወንጌል ዮሃንስን ብዛዕባ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ፣ ልደቱ፣ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ፣ ስቕለቱ፣ ትንሳኤኡን ዕርገቱን ዚነግረና ክፍሊ ናይ ሓድሽ ኪዳን እዩ። ኣብኡ ክርስቶስ ዝገበሮን ዝበሎን ተሰኒዱ ኣሎ።
- ***ግብሪ ሃዋርያት*** - እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ታሪኽ እታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ዘዘንቱ መጽሓፍ ኮይኑ፣ ምምስራት እታ ኣካል ክርስቶስ ዝኾነት ማሕበር፣ ምስፋሕ ወንጌልን፣ ንወንጌል ዝገጠሞ ብድሆታት ከመይ ኢሉ ድማ ከምእተዘርግሐ የዘንቱ። ኣብኡ ሓፈሻዊ ስእሊ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን፣ እምነታ፣ ስርዓታ ወዘተ ንረክብ።
- ***መልእኽትታት*** - እዚ ኽፍሊ፣ ካብቲ ብዛዕባ እምነት ክርስትና ዓበይቲ እምንቶታትን እንታይነትን ብስነመለኮታዊ ትንታነ ዘብርህ ኣገዳሲ ክፋል ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይዚ ዝጸሓፈ ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ። ኣብ ከም ንሰብ ሮሜ፣ ቈረንቶስ፣ ገላትያ፣ ኤፌሶን፣ ፊልጲ፣ ቈሎሴ፣ ተሰሎንቄ፣ እብራውያን ከምኡውን ናብ ጢሞቴዎስ፣ ቲቶስ፣ ፊልሞን ዝጸሓፎ መልእኽታቱ ዓበይቲ ምስጢራት ክርስትያናዊ ስነመለኮት ጽሒፉ ንረኽቦ።

ካልኦት ሃዋርያት ከም እኒ ጴጥሮስ፣ ዮሃንስ፣ ያዕቆብ ከምኡውን ይሁዳ ድማ ናብ ናይቲ ዘመን ክርስትያናት መልእኽታት ጽሒፎም እዮም፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድማ ንረኽቦ። ቀንዲ ዕላማ መልእኽታት ክርስትያናት ኣብዛ ምድሪ ክሳዕ ዘለዉ ከመይ ኢሎም ኪምላለሱን ኣብ ክርስቶስ ከመይ ኢሎም ጸኒዖም ኪነብር ከምዚግብኦም ዕሙቕ ዝበለ መንፈሳዊ ትምህርቲ ምሃብ እዩ። ርግጽ ቃል እግዚኣብሄር ስለዝኾነ ድማ ቅድሚ 2000 ዓመት ንዝነበሩ ክርስትያናት መገዲ ኣርእዩዎም። ንዓና ድማ ሎሚ ትንቢታዊ መልእኽቲ ይኾነና ኣሎ። ጠቓሚ ዝኾነ መንፈሳዊ ትምህርቲ ድማ ይህበና ኣሎ።

- ***ራእይ ዮሃንስ*** **-** እዚ መጽሓፍ እዚ ሃዋርያ ዮሃንስ ካብ ክርስቶስ ንዝተዋህቦ ራእይ ብምስናዱ ዝተጻሕፈ ኮይኑ፣ ናይ ሓድሽ ኪዳን ትንቢት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብቲ ዘመን ንዝነበራ ኣብያተ ክርስትያን እዋናዊ መልእኽቲ ይህብ። ብዘይክኡ ድማ ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ዚመጽእ ፍርዲ፣ ሓድሽ ሰማይን ምድርን፣ ምጽኣት ክርስቶስ፣ ንግስነቱን ኣብ መወዳእታ ምስ ንነገስታት ምድሪ ዚመርሕ ጸረ ክርስቶስ ዚህሉ ውግእን ናይ ዘለኣለም ፍርድን ትንቢት ይንብ።

*እምበኣርከ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ መጀመርታ ፍጥረት ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ፍጥረት ዚዛረብ መጽሓፍ እዩ። ተራ ዝኾነ ሓሳብ ዝሓዘ ዘይኮነስ ተፈጻሚ መልኽእታትን ትንቢታትን ዝሓዘ፣ ብውልቂ ንኹሉ ሰብ ዚምልከት ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ።*

## 2ይ ትምህርቲ

# ፍልጠት እግዚኣብሄር

ክሳዕ ሕጂ ክንርእዮ ዝጸናሕና ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስን ርግጽ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ መጽሓፍ ምኧኑን ኢና። ግናኸ ኣንታይነት መጽሓፍ ቅዱስ ተማሂርና፣ ብዙሓት ግን ኣለዉ'ንዶ፣ ኣምላኽ ከምዘሎ ዘይኣምኑ? ነዚ ግድል እዚ ከመይ ጌርና ክንሰግሮ ወይስ ብዛዕባ ህልውና እግዚኣብሄር ርግጽና ኪህልወና ይኽእል? ከመይሲ ሎሚ ኣምላኽ የሎን ዚብሉ ካብ ምሁራት ጀሚርካ ክሳዕ ዘይተማህሩ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ወይውን ንኣምላኽ ከም ሓደ ናይ ባዕሉ ህላወ ዘለዎ ኣካል ዘይቅበሉዎ ኣለዉ። ነዚ ኹሉ ክንምልስ እምበኣር ብዛዕባ ፍልጠት እግዚኣብሄር ክንመሃር ኣገዳሲ እዩ።

ዋላኳ ሰባት ንኣምላኽ ከምዘሎ እንተዘይኣመኑ ወይውን እንተዘይፈለጡ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ግና ኩሉ ሳዕ ርእሱ ንደቂ ሰብ ምስገለጸ እዩ። እዚ ድማ እዩ ኣቲ "ጸጋ" ኢልና እንጽውዖ ነገር። መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ከምዘሎ ኬርኢ ኢሉ ብዙሕ ኣይጋደልን እዩ። ግናኸ፣ ንህልውናኡ ብውቁብ ጽባቐ ጥበብ ይገልጾ። ገለ ካብዚ እስከ ንርአ፣-

*"ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።"* (ዘፍ 1፣1) ፍጥረት ካብ ርእሱ ኪመጽእ ኣይክእልን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ፣ ንፍጠረት ኣምላኽ ከምዝፈጠሮ ይነግረና። ኣምላኽ ኪንዮ ፍጥረት እዩ። በዚ ፍጥረታዊ ኣእምሮና ክንግንዘቦ ኣይንኽእልን፣ ባዕሉ ርእሱ እንተዘይገሊጹልና።

*"እቲ ካብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይረኤ ባህርዩ፣ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይረኤ።"* (ሮሜ 1፣20) እዚ ዜመልክተና፣ እቲ ዘይረኤ ኣምላኽ ነቶም ብሓቂ ዜስተውዕሉዎን ዚደልዩዎን ብግብሩ ከምዚረኣዮም እዩ።

*"ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንቱ፣ ጠፈር ድማ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ።"* (መዝ 19፣1) በዚ ኸምዚ ንኣምላኽ ትፈልጦ። ኩሉ ፍጥረት ኣምላኽ ኣሎ ዚብል መልእኽቲ እዩ ዚህበና። ስለዚ፣ ባዕልና ብዛዕባ ኣምላኽ ክንድንቁር እንተዘይደሊና፣ ፍጥረት ብዘሎ እዩ ኣንጻር እቲ "ኣምላኽ የለን" ዚብል ሓሳብ ዚቐውም እሞ ሕልናና ዚኹሕኩሕ።

*"ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ እቲ ኣብ ሑቕፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፣ ንሱ ኣግሃዶ።"* (ዮሃ 1፣18) *"(የሱስ) ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን (እዩ)"* (እብ 1፣3) እዚ ቃላት እዚ ዚገልጸልና ንየሱስ ክርስቶስ ምፍላጥ ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ ምኧኑ እዩ። ከመይሲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ *"ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና"* ኢሉ ኣሎ። (ዮሃ 10፣30)

እምበኣርከ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብዛዕባ ህላወኡ ንዓና ንኣእምሮና ዜዕግብ ሓሳብ ዘይኮነ ዚህበና፣ ህላወኡ እዩ ዚገልጸልና። ንሙሴ ንኣብነት “እቲ ዘለኹ እየ ዘለኹ” ብምባል ነቲ ኣብቲ እዋን ዜድልዮ ዝነበረ ናይ ህይወት መልእቲ ኪህቦ ንምልከት። (ዘጸ 3፣14) እግዚኣብሄር፣ ንምርምራዊ ግድልና ኬዕግብ ኣይኮነ ህልውናኡ ዜርእየና፣ ንሓቀኛ ውሽጣዊ ህይወታዊ ግድልና እዩ ዚምልስ፣ እዚ ድማ ነእምሮ ብዚርድኦ ክልሰ ሃሳብ ዘይኮነስ ብዚፍለጠና መገዲ። ንገሌና ኣብ ኣፍ ሞት ከሎና ይበጽሓና፣ ንገሌና ካብ ሕማም ብምሕዋይ፣ ንገሌና ካብ መከራ ብምንጋፍ፣ ንገሌና ኣብ ጽምዋና ይበጽሓና፣ ንገሌና ኣብ ስእነትና ይበጽሓና። በበቲ ዜድልየና ኣምላኽ “ብጸጋኡ” ይበጽሓና። ስለዚ ንሱ ዝያዳ በቲ ኣነ ከምዚ እየ ኢሉ ርእሱ ዝገለጸልና እንተዘይኮይኑ ብገዛእ ርእስና ተመራሚርና ንኣምላኽ ክረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና። (እዮ 11፣7 ማቴ 11፣25-26 ሮሜ 11፣33-34)

### *እግዚኣብሄር ርእሱ ብኸመይ ገለጸልና?*

ንእግዚኣብሄር ክንኣምኖን ምስኡ ሕብረት ኪህልወናን እንተኾይኑ፣ ብኸመይ ርእሱ ከምዚገልጸልና ክንፈልጥ የድልየና። ናይ ብዙሕ ክርስትያን ጎደሎ ካብዚ እዩ ዚለዓል፣ ኣምላኽ ብኸመይ ከምዚዛረበካ ካብ ዘይምፍላጥ እዩ ዚነቅል። ስለዚ ገና ነዊሕ ከይከድና ድምጺ ኣምላኽ ምልላይ ኣዝዩ እዩ ዜድልየና። ብኸመይ መገዲ ግን ኣምላኽ ርእሱ ይገልጸልና?

1. ***በቲ ንዝተፈላለዩ ነብያት ዝሃቦም ትንቢታዊ ቃሉ*** - እግዚኣብሄር ንሰባት ዝተዛረቦም፣ ዝሃቦም ሕጊ ትንቢታዊ ቃሉ ብምኚኑ ንዕኡ ብምብራህ እዩ ዝያዳ ዚግለጸልና። (ዜና 20፣20 ዮሃ 17፣20)
2. ***ብፍጥረቱ ገይሩ ይዛረበና*** - ፍጥረት ኩሉ ተግባር ኣእዳው እግዚኣብሄር እዩ። በዚ ድማ ንህልውና ጥራይ ዘይኮነ ንሓሳብ እግዚኣብሄር ንፈልጥ። (መዝ 19፣1 ግብ 14፣15-17 ሮሜ. 1፣19-23) ኣምላኽ ብትእምርትታት ፍጥረት ገይሩ ንዓና ይዛረበና እዩ።
3. ***ብወዱ የሱስ ክርስቶስ*** - ኣምላኽ ስጋ ለቢሱ ኣብ ማእከልና ብምምልላሱ በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝተገብረ በጃ ምሕላፍ ንዓና ጸጋኡ ገሊጹልና። “ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ ...” (ፊሊ 2፣6) “እቲ ቃል ስጋ ኾነ፣ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኣባና ሓደረ፣ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዱ ነቦኡ ርኤና።” (ዮሃ 1፣14)

   - ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ግን መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ህልውናን ሓሳብን እግዚኣብሄር ኣጸቢቑ ዚገልጸልና። ከመይሲ ኣምላኽ ከም ቃሉ እዩ።

ንሓይልን ባህርያትን እግዚኣብሄር ኣመልኪቱ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዚስዕብ ገይሩ ይምህረና፣-

1. **ሓይሊ እግዚኣብሄር** - እግዚኣብሄር ሓደ ካብቲ ባህርይ መለኮቱ ኩሉ ዚኽእል ሓያል ምኚኑ እዩ። ነዚ ዚገልጸልና ቃል ኣምላኽ፣-

   ሀ. *ፈጣሪ ኹሉ እዩ* - እግዚኣብሄር ንፍጥረት ኩሉ ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ኣምጺኡ። (ዘፍ 1 መዝ 146፣6 ኢሳ 40፣8 ዮሃ 1፣1-3 ቆሎ 1፣16-17)

ለ. ኩሉ ዚኽእል እዩ - እግዚኣብሄር ኪገብሮ ዘይክእል ነገር የልቦን። ስለዚ ኸኣ ኢና ብጸሎት ናብኡ ቀሪብና ዘይከኣልውን ኪገብረልና እንልምኖ። (ዘፍ 17፣1 እዮ 42፣2 ኤር 32፣26-27)

ሐ. ኣብ ኩሉ ዚርከብ እዩ - እግዚኣብሄር ቦታ ዘይውስኖ፣ ብሓንሳእ ኣብ ኩሉ ኪርከብ ዚኽእል ኣምላኽ እዩ። (መዝ 139፣7-12 ኤር 23፣23-24)

መ. ኹሉ ዚፈልጥ እዩ - ንእግዚኣብሄር ኣብ ምልኣት ፍልጠት ዘሎ ኣምላኽ እዩ። (መዝ 139፣1-4 ምሳ 15፣3 ዮሃ 2፣24-27 ዮሃ 21፣17)

ረ. ዘለኣለማዊ እዩ - እግዚኣብሄር መጀመርታ ኮነ መወዳእታ ዘይብሉ ኣምላኽ እዩ። እዚ ሓደ ካብቲ ንኣእምሮ ሰብ ኪርድኦ ዘይክእል ሓቂ ብዛዕባ እግዚኣብሄር እዩ። (መዝ 90፣2 ኢሳ 9፣6 ኢሳ 40፣28)

2. **ባህርያት እግዚኣብሄር** - ባህርያት ሰብ ንሰብ ካብ ዚገልጸ ሓቅታት ማለትና እዩ። ባህርያት እግዚኣብሄር ክንብል ከለና ድማ ንእግዚኣብሄር ዚገልጸ ሓቅታት እዩ። እዚ ባህርያት እዚ ምስ ስም እግዚኣብሄር ተሳንዩ ዚኸይድ እዩ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፣-

ሀ. ቅዱስ እዩ - እግዚኣብሄር ምስ ሓጢኣት ዋላሓንቲ ርክብ ዘይብሉ ኣምላኽ እዩ። ምስ ባህርያቱ ኣተሓሒዝና ሓጢኣት ዚብል ሓሳብ እኳ ከነምጽእ ኣይንኽእልን ኢና። (ኢሳ 6፣3 1ጴጥ 15፣16)

ለ. ጻድቕ እዩ - እግዚኣብሄር ዓመጻ ኪገብር ዘይኮነሉ ኣምላኽ እዩ። ንኹሉ ከም ዚግብኦ እዩ ዚህብ ዚፈዲ። (ዘዳ 32፣3-4 ነህ 9፣8-33 ኢሳ 5፣16 ዳን 9፣14)

ሐ. ፍጹም እዩ - ፈጺሙ ጎደሎ ዚበሃል ዘይብሉ ምሉእ እዩ። (ዘዳ 32፣3-4 ማቴ.5፣48)

መ. ኣምላኽ ሓቂ እዩ - ንእግዚኣብሄር ሓሶት ዚበሃል ኣይርከቦን እዩ። ኣብኡ እቲ ፍጹም ሓቂ እዩ ዘሎ። (ዘሁ 23፣19 ኤር 10፣10 ዮሃ 14፣6 ዮሃ 17፣3)

ሰ. እግዚኣብሄር ፍቕሪ እዩ - ንእግዚኣብሄር ካብ ዚገልጸ ዓበይቲ ባህርያት እቲ ፍጹም ፍቕሩ እዩ። ንሱ ብዘይቅድመኩነታዊ ፍቕሪ እዩ ዜፍቅር። ካብዚ እተላዕለ እዛ ጽልኢ ዘይብላ፣ ወይስ ኩነታት ወይ እንታይነት ዘይትጥምት ፍቕሪ ኣምላኻዊት ፍቕሪ ንብላ። ንደቂ ሰባት በዛ ፍቕሪ እዩ ኣፍቂሩና። (ዮሃ 3፣16 ሮሜ.5፣8 1ዮሃ 4፣7-12)

ረ. ጻድቕ ፈራዲ እዩ - እግዚኣብሄር፣ ንኹሉ ሓጢኣትን ዘይምእዛዝን ዚቐጽዕ፣ ፍትሒ ዜውጽእ ኣምላኽ እዩ። ነቲ በዳሊ ከይቀጽዐ፣ ንተበዳሊ ድማ ሕኒኡ ከይፈደየ ኣይዓርፍን። (ዘፍ 18፣25 መዝ 7፣11-12 መክ 11፣9 12-14 ኢሳ 5፣16 ሉቃ 18፣9 2ጢሞ 4፣8)

ቀ. መሓሪ ኣምላኽ እዩ - እግዚኣብሄር ነቲ ሓጢኣት ዝገበረ እንተተናዘዘ ይቕረ ዚብል ኣምላኽ እዩ። ካብ ብዝሒ ምሕረቱ ዝተላዕለ ንደቂ ሰብ ካልኣይ ዕድል ይህብ። እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ዜረጋግጾ ሓቂ እዩ። (መዝ 86፣5 መዝ 136፣1 ኤፌ 2፣4-5)

በ. እግዚኣብሄር ምንጪ ህይወት እዩ - ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞት ዚበሃል የልቦን። ንሱ ምንጪ ኩሉ ህይወት እዩ። (ዘዳ 30፣20 መዝ 36፣9 ዮሃ.5፣40)

ተ. እግዚኣብሄር ብርሃን እዩ - እግዚኣብሄር ኣብ ዘለዎ ፍጹም ብርሃን ኣሎ። ኣብኡ ጸልማት ዝበሃል ኣይነብርን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ “ኣቦ ብርሃናት” ኢሉ ይገልጾ። (መዝ 27፣1 ኢሳ 60፣19 ያእ 1፣17)

## ትምህርቲ ስላሴ

ብዛዕባ መንነት እግዚኣብሄር ክነጽንዕ እንተ'ዄንና ዓብዪ ምስጢር ስነ መለኮት ኢና ንፍትሽ ዘሎና። እግዚኣብሄር ብመሰረቱ ኪምርመር ዘይከኣል ኣምላኽ እዩ። ካብዚ እተላዕለ ድማ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መንነት እግዚኣብሄር ኪዛረብ ከሎ፣ "እቲ ንወሰናት ምድሪ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ከም ዘይደክምን ከም ዘይሕለልን፣ ኣእምሮኡ ድማ ኸም ዘይምርመርን፣ ኣይትፈልጥንዶ ኣይሰማዕካንዶ'ኸ ኢኻ" ይብል። (ኢሳ 40፣28)

ብሓፈሻኡ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ህልውናኡ ብሓድነቱ ዚፍለጥ ኮይኑ ሓደ ኣምላኽ እዩ። (1ቆረ 8፣6) ብምንም ተኣምር ድማ ምስ ዝኾነ ይኹን ካልእ ፍጥረት ክነመሳስሎ ኣይንኽእልን ኢና፣ ወይ ብመገዲ ፍጥረታት ክንገልጾ ኣይንኽእልን። (ኢሳ 40፣18) እግዚኣብሄር፣ ብኣካላዊ ህልውናኡ ሰለስተ ኣካል ማለት "ስሉስ" ወይ ድማ "ስላሴ" ም'ዃኑ ምህሮ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸልና። በዚ መሰረት ድማ እዚ ሓደ ኣምላኽ፣ ብኣካለ ህላወ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኮይኑ ተገሊጹ ኣሎ።

1. እግዚኣብሄር ኣቦ - ቀዳማይ ኣካል ናይ ስላሴ እዩ። ምንጪ ኩሉ ህይወትን ብርሃንን እዩ። ፍሉይ ኣካለ ህላወ ዘለዎ፣ ሓደ እኳ ዘይረኣዮ፣ ብባህርዩ ዘይረአ መንፈስ እዩ። እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ። (ዮሃ 4፣24) ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ብፍላይ እኳ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብንጹር መገድ እግዚኣብሄር "ኣቦ" ተባሂሉ ብዙሕ ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። ጎይታ የሱስ ድማ ኣቦይ እናበለ ይጽውዖ። (ዘዳ 6፣4 ነህ 9፣6 ኢሳ 44፣8 ዮሃ 5፣17) ኣብ ዕዮ ፍጥረት እግዚኣብሄር ኣቦ ምንጪ እዩ። (ዘፍ 1፣1,26)

2. እግዚኣብሄር ወዲ - ካልኣይ ኣካል ስላሴ ወይ የሱስ ክርስቶስ ምስ ኣቦ ሓደ ኮይኑ ኣምላኽ ብእኡ ንዓለም ፈጠረ። (ዮሃ 1፣2) ልክዕ ከም እግዚኣብሄር ኣቦ የሱስ ክርስቶስ ህይወትን ብርሃንን ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። (ዮሃ 1፣4) እግዚኣብሄር ወዲ ብስጋ ተገሊጹ ን'ኹሉ ውሉድ ኣዳም ምድሓን ኣምጽአ፣ ንኣቦ ድማ ኣርኣየና ወይስ ኣግሃዶ። (ዮሃ 1፣14,18 ዮሃ 3፣16) ምእ እግዚኣብሄር ኣቦ ሓደ ም'ዃኑ ድማ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። (ዮሃ 10፣30 ሉቃ 3፣21-22) ኣብ ፍጥረት እግዚኣብሄር ወዲ ዜኽውን ወይ ፍጻመ ዚህብ ቃል እዩ። (ዮሃ 1፣2, ቆሎ 1፣15-16)

3. እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ - ሳልሳይ ኣካል ስላሴዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ብህላወ ኣምላኽ እዩ። ልክዕ ከምቲ ዋዒ ጸሓይ ዜሙቐና፣ ህላወ መንፈስ ቅዱስ መንፈሳዊ ምትንካፍ ይህበና፣ ህልውና ኣምላኽ ድማ የገንዝበና። ን'ኹሉ ፍጥረት ሰብ ብዛዕባ ሓቂ፣ ሓጢኣት ከምኡውን ፍርዲ ይረትዕ። ንውሉድ ኣምላኽ ዘበሉ ይመርሕ፣ የጸናንዕ ይምህር ድማ ብዛዕባ ክርስቶስ ድማ ይምስክር። ካብ ህልውንኡ ዝተላዕለ ሓይሊ ይገብር፣ ውህበታት ይህብ፣ ዕዮ ኣምላኽ ኣብ ኣመንቲ የስልጥ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣመንቲ ይሓድር። (ግብ 2፣4 ዮሃ 14፣16 ዮሃ 16፣7-8 ዮሃ 15፣26 1ቆሮ 3፣16)

# 3ይ ትምህርቲ

# ሰብ

## ሀ. ፍጥረት ሰብ

*መጽሓፍ ቅዱስ ንፍጥረት ወዲ ሰብ ብዚምልከት ብንጹር መገዲ ይገልጸና። ብርግጽ ኣብ ዓለም ብመሰረት ዘሎ ክልሰ ሓሳብ ፍጥረት ሰብ ስነፍልጠታውያን ኣብ ክልተ እዮም ዚምቀሉ። እቶም ሓደ ወገን ሰብ ብዘገምታዊ ኣመዓባብላ እዩ ካብ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ልዑል ርቀተ ዘለዎ ኣካል ኪምዕብል ክኢሉ ዚብሉ እዮም። እዚኦም ብመሰረቱ ንህላዌ እግዚኣብሄር ዚኽሕዱ እዮም። ነቲ እዞም ደቀቕቲ ታህዋስያን ወይስ ንዕኦም ዘመንጨዎም ኣካል ካበይ መጺኡ ንዚብል "ንድንገት" (ቻንስ) እዮም ዚሓድጉዎ። ዘገምታውያን (ኢቮልዩሽኒስትስ) ድማ ይበሃሉ። እቶም ካልኦት ወገን ድማ ፍጥረታውያን (ክሪኤሽኒስትስ) ዚበሃሉ ኪኾኑ ከለዉ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ንሰብ ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ኣምጺኡዎ ኢሎም ዚኣምኑ ወገን እዮም። ክርስትና ድማ ብመሰረቱ ምስዚ ዳሕረዋይ ክልሰሓሳብ እዩ ዚሰማማዕ። ብቐንዱ ድማ ብህላወ እግዚኣብሄር ይኣምን። ድሒሩ ሓደ ሳልሳይ ወገን ዝመጸ ኣሎ፣ ግናኸ ዋላኳ እቲ መደምደምታኡ ምስ ናይ ክርስትና ዚቀራረብ ደኣ ይኹን እምበር ኣብ ስነፍልጠታዊ ኣገባብ ዝተሞርኮሰ ኮይኑ ንቕሓታዊ ህንደሳ (ኢንተሊጀንት ዲዛይን) ተባሂሉ ዚፍለጥ እዩ።*

በዚ ኾነ በቲ፣ መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሄር ንሰብ ከምዝፈጠሮ እዩ ዚነግረና። ብዘሎ ፍጥረትና፣ ሕልናና፣ ከምኡውን ህይወት ወዲ ሰብ ድማ ነዚ ይምስክረልና። ኣምላኽ ብመልክዑ ከም ምስሉ ጌሩ ንሰብ ፈጠሮ። (ዘፍ 1፣26) እዚ "ብመልክዑ" ዚብል ሓሳብ ነቲ ባህርያት እግዚኣብሄር ዝወረሰ ምዃኑ የገንዝበና። ኣብነት ናይዚ ፍቓድ ገዛእ ርእስኻ ምህላው፣ ኣእምሮ፣ ስምዒት (ጽቡቕ ምድላይ፣ ህይወት ምፍታው፣ ምሕንስ፣ ምጕሃይ ውዘተ) ከምኡውን ሕልና፣ ፍልጠት መንፈስ ምህላው ወዘተ እዩ። ንእግዚኣብሄር እምበኣር በቲ ኣባና ዘንበሮ ውሽጣዊ ኩለንትናዊ ህላወ ኢና እንመስሎ።

- ***ኣፈጣጥራ ሰብ***

*መጽሓፍ ቅዱስ፣ ንኣፈጣጥራ ሰብ ኣመልኪቱ ኪዛረብ ከሎ ከዚ ይብል፣-*

*"ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ። ... ኣምላኽ ከኣ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ፣ ብመልክዕ ኣምላኽ ድማ ፈጠሮ፣ ተባዕታይን ኣንስታይን ጌሩ ፈጠሮም።"* (ዘፍ 1፣26-27)

ሰብ ካብቲ ካልእ ፍጥረት ብፍልይ ዝበለ መገዲ እዩ ተፈጢሩ። ካልኦት እንስሳታት "ይኹን" እናተባህሉ ብሓይሊ ቃል እግዚኣብሄር ኪፍጠሩ ኸለዉ፣ ኣምላኽ ንሰብ ብፍሉይ፣ ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ ምፍጣሩ የርእየና። መስርሕ ናይዚ ምፍጣር ድማ ንባዕሉ ንክብሪ ወዲ ሰብ ዜመልክተና እዩ።

1. ኣእዳው እግዚኣብሄ ሓሊፍዎ - እግዚኣብሄር ነቲ ካብ ሓመድ ምድሪ ገይሩ ዝፈጠሮ ሰብ “ትንፋስ ህይወት ድማ ኡፍ” ምስ በለሉ ሽዑ እቲ ሰብ ብሓቂ ህያው ወይ ህይወት ዘለዎ ነፍሲ ወይ ድማ ህልውና ዘለዎ ፍጡር ኮይኑ። ሰብ ብቓል “ይኹን” ተባሂሉ ጥራይ ዝተፈጥረ ኣይኮነን። እቶም እንስሳታትሲ ብዝሖም ብዘየገድስ እዮም ብጅምላ ግን ከኣ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ተፈጢሮም። ቓሉ ምስተዛረበ ኮይኖም፣ ይፈርዩ ይባዝሑ ድማ። ሰብ ግና ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ መዓልቲ ብኣገባብ እዩ ተፈጢሩ።

2. ሰብ ኺገዝእ እዩ ተፈጢሩ - እግዚኣብሄር ንሰብ ገዛኢ ምድሪ ኪኸውን ስልጣን ሂቡዎ። ሰብ፣ ምስናይ ብልሒ ኣእምሮ፣ ምስናይ ጥበብ፣ ምስናይ ፍልጠት እዩ ተፈጢሩ። በዚ ድማ ነታ እተፈጥረላ ምድሪ ኪመልኽ ኬመሓድር ዚኽእል ገይሩ እዩ ኣምላኽ ፈጢሩዎ። ስለዚ ድማ ዕዮ ናይ ምምሕዳር ሂቡዎ። (ዘፍ 1፣26-28, መዝ 8፣4-8 መዝ 115፣16 እብ 2፣6-8)

3. ምስትውዓል ዘለዎ ኮይኑ ተፈጢሩ - ሰብ ብምስትውዓል ካብ ከባቢኡን ካብ ኣምላኽን ዚመሃር ኣእምሮኡ ድማ ዚምዕብል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ምድሪ ዘመን፣ ኣገባብ ከምኡውን እንታይነቱ ፈሊጡ ንኺመላለስ ኣኽኢሉዎ። (ዘፍ 2፣20 እዮ 35፣10)

4. ፍቓድ ርእሱ ዘለዎ ኮይኑ ተፈጢሩ - ሰብ፣ ኺእዘዝን ከይእዘዝን ዘኽእሎ ነጻ ፍቓድ ዘለዎ ኮይኑ እዩ ተፈጢሩ። ኣምላኽ ነዚ ፍሉይ ዝኾነ ትሕዝቶ ብፍላይ ኣብ ወዲ ሰብ ወሳኒ ተራ ዘለዎ ገይሩ ኣቕሙዎ። ኣምላኽ ኣብ ውሳኔ ናይ ሰብ ኢድ ኣየእቱን እዩ። (ዘፍ 2፣26-27 ዘዳ 30፣15-19 እዮ 24፣15 ሉቃ 9፣23)

➢ ***መንፈስ፣ ስጋ፣ ነፍሲ፣ ዘለዎ ጌሩ ፈጠሮ።***

*“ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንኩለንተናኹም ይቐድስ፣ በቲ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ብዘሎ መንፈስኩምን፣ ነፍስኹምን፣ ስጋኹምን ብዘይመንቅብ ኪርከብ ይተሓሎ።”* (1ተሰ 5፣23 እብ 4፣12)

ሰብ ሓደ ሰብነት ሃልዩዎ፣ ብሰለስተ ክፍሊ ወይስ ተግባራት ህይወት ዝቖመ እዩ። እዚ ድማ መንፈስ፣ ነፍሲ ከምኡውን ስጋ ተባሂሉ ይፍለጥ። ንሓድሕዱ እኳ ዚራኸብ እንተኾነ፣ ግናኸ ንሓድሕዱ ፍልይ ዝበለ መልክዕ ኣለዎ። ብዘይካ ነፍሲ ሰብ ድማ መንፈስን ስጋን ሰብ ኣብ ክልተ ዝተፈላለየ ዓለም ወይስ ባይታ ህይወት ይነጥፍ። መንፈስ ኣብቲ በዒንቲ ሰብ ዘይረአ መንፈሳዊ ዓለም ኪነጥፍ ከሎ፣ ስጋ ድማ ኣብዚ ዚረአ ምድራዊ ዓለም ይነጥፍ። ነፍሲ ሰብ ግና ኣብ ሓደ ካብቲ ዝሓየለ ካብዞም ክልተ እዩ ዝያዳ ዚነጥፍ። ንቑሕ መንፈስ ኣብ ዘለዎ ሰብ ነፍሱ ብመንፈሳዊ ዓለም እያ እትጽሎ፣ ብኣንጻሩ መንፈሱ ኣብ ዘይነቕሐ ሰብ ከኣ ነፍሱ በቲ ነገራዊ ዓለም ትግዛእ።

➢ መንፈስ - እቲ ውሽጣዊ ዝኾነ ፍጥረታዊ ኣካለ ሰብና እዩ። እዚ ድማ ንኣምላኽ ዚግዛእ ክሳዕ ዝኾነ፣ ብናይ እግዚኣብሄር ሕጊ ክሳዕ ዝተጸልወ ምስ ኣምላኽ ርክብ ይህልዎ። ብኣንጻሩ ድማ ንሰይጣናዊ ሕጊ ዚግዛእ መናፍስቲ ሰባት ኣሎ።

- ነፍሲ - ቀንዲ ናይ ወዲ ሰብ ኣካለ ህላወ እቲ ነፍሱ ዚበሃል እዩ። ከመይሲ ኣምላኽ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ምስፈጠሮ እሞ ትንፋስ ህይወት ኡፍ ምስበለሉ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ እዩ ኮይኑ። (ዘፍ 2፣7) እዚ ነፍሲ እዚ ኣእምሮ፣ ስምዒት፣ ፍቓድ ዚበሃል ተግባራት ህይወት ዘጠቓልለ ኣካለ ሰብና እዩ። ናይቲ ኣብ ምድሪ እንነብሮ ትስብእታዊ ባህርያትና (ፐርሰናሊቲ) ድማ ኣብዚ እዩ ዚፍለጥ። ነፍሲ ሰብ ኣቃውማኡ ማእከላዊ ኮይኑ ከምቲ መጠን ጽልዋ መንፈስ ወይ ስጋ እቲ ሰብ ድማ እዩ ዚመላለስ።

- ስጋ - መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ካብ ሓመድ ምድሪ ዝተፈጥረ ኣካለ ሰብና ስጋ ኢሉ ይጽውዖ። እዚ ማለት እቲ ምስ ነገራዊ ዓለም ዜራኽበና ደጋዊ ኣካልና እዩ። ብናይ ስምዒት ሕዋሳትን ኣካላትን ዝቖመ ኮይኑ ድማ መልእኽታት ካብቲ ግኡዝ ዓለም እናኣቐበለ ምስ ነፍስና ምትሕብባር ይገብር እሞ ንሕና ድማ ህይወትና ንመርሕ። ዝያዳ ምስዚ ኣካለ ሰብና እተጣበቕና ምስእንኸውን ነቲ ካልእ ዓለም ማለት ነቲ መንፈሳዊ ዓለም ረሲዕና ንመላለስ፣ ስጋውያን ሰባት ድማ ንኸውን።

ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ፍጥረት ሰብ ክንሓስብ ከለና፣ እግዚኣብሄር ንሰብ ንኽብሩ ኢሉ ከምዝፈጠሮ ክንግንዘብ የድልየና። (ኢሳ 43፣7 ኤፌ 1፣5-6) ብዘይ ገለ መንቅብ ንጹሃት ገይሩ ድማ እዩ ፈጢሩና። ካብታ እተፈጠርናላ መዓልቲ ድማ ብናይ ባዕልና ውሳነ ብመሰረት እቲ እተሰርዓልና ሕጊ ክንመላልስ ኢና ተጸዊዕና። ንእግዚኣብሄር ፈቒድና ክንእዘዞ ወይስ ፈቒድና ትእዛዙ ክንጥሕስ ድማ ናትና ምርጫ እዩ። እዚ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ ዘለኣለማዊ ሕጊ እዩ። (ዘፍ 2፣16-17 መክ 7፣29 መክ 11፣9)

## ለ. ውድቀት ሰብ

ሰብ ዋላኳ ብጽቡቕን ቅኑዕን መገዲ እንተተፈጥረ፣ ብምኽንያት እቲ ብገዛእ ርእሱ ዝገበሮ ውሳኔ ካብ ኣምላኽ ዓልዩ ኪወድቕ ክኢሉ። እዚ ውድቀት እዚ ነቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ትእዛዝ ምጥሓስ ዘምጽኦ ነገር እዩ። ዓስቢ ዘይምእዛዝ ውድቀት ምኻኑ ዜረድኣና ሓቂ ድማ እዩ። ሰብ እምበኣር ኣምላኽ “ካብዚኣ ኣይትብላዕ፣ ካብዚኣ ምስእትበልዕ መዓልቲ ግና ሞት ክትመውት ኢኻ” ኢሉ ንዝሃቦ መጠንቀቕታ ዝነበሮ ትእዛዝ ብምጥሓሱ፣ ነቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ብዘይምእዛዙ ወዲቑ። እዚ ምፍራስ ሕጊ እዚ ሓጢኣት ተባሂሉ ይጻዕ። (ዮሃ 3፣4 ዘፍ 3 ኤር 2፣12)

ከምቲ ኣብ መልእኽቲ ናብ ሮሜ (ምዕራፍ 3፣23) “ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ስኢኖም” ኢሉ ዚዛረብ፣ ሓጢኣት ካብ ናይ ኣምላኽ ክብሪ እዩ ዜርሕቐካ። ኣዳም መጀመርያ ብኡ ኣቢሉ ድማ ኩሉ ዘርኢ ኣዳም ማለት ኩሉ ወዲ ሰብ ካብ ክብሪ ኣምላኽ ርሒቑ ይነብር ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ በብመዓልቱ ብዚመርጾ ምጥሓስ ሕጊ ኣምላኽ ድማ ነቲ ዘይምእዛዝ መሊሱ የጽንዖ ኣሎ።

እቲ ውድቀት “ነጻነት” ወይ ብዘይ ኣምላኽ በይንኻ ክትነብር ምድላይ ንሱ እዩ። እቲ ሱርን ዓንድን ናይ ሓጢኣት እዚ ኮይኑ ፍረ ናይ ውድቀት ድማ እዩ። ሓጢኣት ብግብሪ ኺገሃድ ከሎ፣ ብኸም እኒ ቅትለት፣ ምንዝር፣ ርኽሰት፣ ሓሶት፣ ቅንኢ፣ ስስዐ፣ ወ.ዘ.ተ... ይግለጽ። (ማር 7፣22 ሮሜ 1፣29-31 ገላ 5፣19-21 1ዮሃ 3፣4)

- *ሳዕቤናት ሓጢኣት*

1. *ሞት* - ቀዳማይ ፍረ ናይ ሓጢኣት ሞት እዩ። (ዘፍ 2፣17 ሮሜ 6፣22) እዚ ሞት እዚ ካብ ህይወት ኣምላኽ ተፈሊኻ ምንባር ማለት እዩ። ህልውና ዘብቅዓሉ ማለት ዘይኮነስ ምፍላይ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ንኣዳም ሞት ክትመውት ኢኻ ዝበሎ፣ ካብ ኣምላኽ፣ ካብ ክብረቱ ክትፍለ ኢኻ ማለቱ እዩ። በዚ ድማ ኣዳም ድሕሪ ሓጢኣቱ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ። ብስጋ ግና ህልውናኡ ኣየቋረጸን። ሞት ሰለስተ ደረጃታት ኣለዎ። ንሱ ድማ፣-

- *ስጋዊ ሞት* - እዚ ነፍስን ስጋን ሰብ ዚፈላለየሉ፣ ካብዛ ዓለም ብኣካለ ስጋ ካብ ደቂ ሰብ ካብ ህዝብኻ ምፍላይ ዜመልክት እዩ። ካብቲ "ሓመድ ኢኻ'ሞ ናብ ሓመድ ክትምለስ ኢኻ" ዚብል ድሕሪ ውድቀት ዝመጸ ሕጊ ተፈጥሮ ድማ ይነቅል። (ዘፍ 3፣19 መክ 12፣7)

- *ነፍሳዊ ሞት* - እዚ ሞት እዚ ሰብ ኣብዛ ምድሪ ብህይወት ኣለኹ እናበለ፣ ብምኽንያት በደልን ኣበሳን ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ኪነብር ከሎ ዚገልጸ ሞት እዩ። ኣእምሮኡ፣ ስምዒቱ፣ ፍቓዱ፣ ንትምኒት ገዛእ ርእሱን ንሓጢኣትን ኪግዛእ ከሎ፣ ወይውን ንዘይፈልጦም መንፈሳውያን ሓይልታት ጸልማት ኪግዛእ ከሎ እዩ። ካብዚ እተላዕለ ድማ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ብስጋ ይመላለስ። እዚ ሰብ እዚ ብነፍሱ ዝሞተ ሰብ እዩ። እንተኾነ ፍቓደኛ ክሳዕ ዝኾነን ብስጋ ክሳዕ ዘሎን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለስ ይኽእል እዩ። (ሉቃ 15፣23-24 ኤፌ 2፣1-3 ቆሎ 2፣13)

- *መንፈሳዊ ሞት* - *መንፈሳዊ ሞት ዘለኣለማዊ ሞት ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ሰብ ሓጢኣት ምስ ፈጸመ ቅድሚ ዝኾነ መንፈሳዊ ሞት እዩ ዚመውት። ካብ ኣዳም ጀሚሩ ድማ ኣብ ኩሉ ሰብ እዚ ኣጋጢሙ። እዚ ማለት፣ እቲ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዜራኽብ ዝነበረ ድልድል ህይወቱ ማለት መንፈሳዊ ፍጥረቱ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ማለት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ወርትግ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ርሒቑ ዚነብር። መንፈሳዊ ሞት እምበኣር ህልውና ነፍስኻ ዜብቕዓሉ ማለት ዘይኮነ ንዘለኣለም ካብ ኣምላኽ ተፈሊኻ ኣብ ስቓይን ጣዕሳን ምንባር ማለት እዩ።* (ሉቃ 16፣19-31 ራእ 20፣14-15 21፣ 8)

- *ናብ ዓለም ዝኣተወ ክፉእ*

እግዚኣብሄር ንፍጥረት ኩሉ ኪፈጥር ከሎ ኣብ ኣፍሲ ወከፍ መዓልቲ "ጽቡቕ ከምዝኾነ ረኣየ" እናበለ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ሓጢኣት ብሰሪ ምፍራስ እታ ሓንቲ ሕጊ ኣምላኽ ንኣዳም ቅድሚ ምፍጻማ፣ እግዚኣብሄር ዝፈጠሮ ኩሉ "ብዙሕ ጽቡቕ" ከምዝነበረ ኢና እነስተውዕል። (ዘፍ 1፣31) ድሕሪ እዚ ምፍራስ ሕጊ ዝኣተወ ዘበለ ክፉእ ምስእንርኢ ግና፣-

- *ፍርሂ* - ኣዳም ዝፈርሆ ፍርሂ ብመሰረቱ ፍረ ናይ ሓጢኣት እዩ ዝነበረ። ነቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ብምጥሓሱ ኣብ ልቡ ፍርሂ ኣተወ። (ዘፍ 3፣10 ምሳ 28፣1 እብ 2፣14)

- በደልካ ዘይምእማንን ንሓድሕድካ ምክሳስን - ኣዳም ኮነ ብዛዕባ ሓጢኣቶም ሓላፍነት ክንዲ ዚወስዱ ንሓድሕዶምን ንኻልእ ኣካልን እዮም ክሲሶም። እዚ ባህርይ ናይ ሓጢኣት እዩ። (ዘፍ 3፣12-13 ቲቶ 3፣3)
- ቕንኢ፣ ኩራ፣ ባእሲ፣ ቅትለት - እዚ ኹሉ ፍረ ሓጢኣት እዩ። (ዘፍ 4፣1-8)
- መከራ፣ ውርደት፣ ናይ ጻዕሪ ናብራን - ሓጢኣት ኣብ ምድሪ ብዙሕ ፍረ መርገም ኣምጺኡ (ዘፍ 3፣16-19, 23 ምሳ 14፣3-4)
- ካብ ገነት ምስጓግ - ቅጽበታዊ ፍረ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ካብቲ ዝተዋህቦ ገነት ምስጓግ እዩ ነይሩ። ሕጂውን ሓጢኣት ነዚ ዚመስል ውርደት የስዕብ ኣሎ። (ዘፍ 3፣22-24)

➢ *ባህርይ ናይ ሓጢኣት ናብ ኩሉ ሓለፈ*

እቲ ሓጢኣት ዚገብር ዘበለ ሓጥእ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ባህርይ ናይዚ ናይ ሓጥእ ድማ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞገስ ዘይብሉ ህይወት ከምዚህልዎ እዩ ዚገብሮ። ንሰብ፣ ሓጥእ ብደገ ጥራይ ሓጢኣት ከም ዚገብር እዩ ዚመስሎ። እቲ ሓቂ ግን፣ ሰብ ብምኽንያት እቲ ዝወረሶ ናይ ሓጢኣት ህይወት፣ ኣብ ውሽጡ ባህርይ ሓጢኣት ከምዘለዎ እዩ ቃል ኣምላኽ ዚምህረና። ሰብ ሓጥእ ብምዃኑ፣ ፈትዩ ወይ ተፈቲኑ ሓጢኣት ይገብር። (ኢሳ 1፣4 ሮሜ 5፣18 ያእ 1፣14-15 ያእ 4፣1)

## ሐ. ምድሓን ሰብ

ሰብ ብሓጢኣት ኣብ ህይወት ኣምላኽ ተፈልዩ ከምዝርሓቐ ርኢና። እዚ ድማ ውድቀት ሰብ ኢልና ንጽውዖ። ኣምላኽ ግን ንሰብ በቲ ዝወደቖ ኪኸይድ ኣይሓደጎን። ብተስፋ ደኣ ከምዜድሕኖ ብዝተፈላለየ መገዲ ገሊጹ ኣሎ። ምድሓን ኪበሃል ከሎ ህይወት ምስኳዕ፣ ምፍዋስ፣ ምጥዓይ፣ ምሕዳስ፣ ምምላስ ሓራ ምዃን ዘጠቓለለ እዩ። እግዚኣብሄር ንሰብ ካብ ዝነበሮ ፍቕሪ እተላዕለ፣ ካብቲ ዝወደቐ ኩሉ ከተንስኦን ካብቲ ዚመጽእ ፍርድን ቁጥዓን ኬድሕኖ ኢሉ ንሰብ ብብዙሕ መገድታት ይደልዮ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን ነዚ ዘለኣለማዊ ፍቕሩ ኪገልጽ ነቲ ሓደ ወዱ ሰብ ኮይኑ ስጋ ለቢሱ ኪግለጽ ልኣኾ። ኣብ ክንዲ ሓጢኣት ሰብ መስዋእቲ ኪኸውን፣ ብደሙ ዕርቂ ኪገብር ፈቐደ። እዚ ዕድል እዚ እቲ እግዚኣብሄር ንሰብ ዝመደበሉ ናይ መወዳእታ መገዲ ምድሓን እዩ። ሰባት እምበኣር፣ ብፍቓድ ርእሶም ምኻድ ሓዲጎም ነዚ ሓደ በይኑ ዝኾነ መገዲ ምድሓን፣ ንሱ ድማ የሱስ ክርስቶስ ከም መገዲ ምድሓን ብምቕባልን ኣብ ህይወቶም ድማ ጎይታን ንጉስን ኪኸውን ርእሶም ኬግዝኡ ኸለዉ ድሒኖም ይበሃል። (ዚንበብ ጥቕስታት - ማቴ 1፣21 ሉቃ 15፣11-14 ዮሃ 3፣16-21 1ጢሞ 1፣15)

እምበኣርከ፣ ሰብ ንኺድሕን ኬማልኦ ዚግብኦ ከም ሕጊ ዘይኮነ ከም ናይ ውሳኔ መገዲ፣-

1. ምእማን - የሱስ ክርስቶስ ጎይታን መድሓንን ምዃኑ ኪኣምንን ንዕኡ ድማ ንብሕቱ መድሓኒኡ ምዃኑ ኪእመኖን (ኣፍልጦ ኪህቦ፣ ኪቕበሎ) ይግባእ። (ዮሃ 3፣16-21 1ጢሞ 1፣15 ሮሜ 3፣21 ዮሃ 1፣12)

2. ምንሳሕ - ንጎይታ የሱስ ክትእመን ከለኻ፣ ገና ሓጥእ ከሎኻ ንየሱስ ስለእተኣመንካዮ፣ ነቲ ኣብ ዓለም ከሎኻ እትነብሮ ዝነበርካ ኣነባብራ ብምሕዳግን ካብኡ ብምምላስን (ብምንሳሕን) ደጊምካ ንኸይትገብሮ ቃል ብምእታው፣ ንስሓ ትገብር። ንስሓ ካብ ዝነበረካ ናይ ሓጢኣት መገዲ ምምላስ ማለት እዩ። (ኢሳ 55፣6-7 ግብ 2፣38 ግብ 19፣18-19 ምሳ 28፣13)

➢ *ብዛዕባ ምድሓን ኪፍለጥ ዚግባእ*

- ምድሓን ሰብ ብዚገብሮ ግብሪ ጽድቂ ዚርከብ ኣይኮነን። ምድሓን ክርስቶስ ብዝኸፈሎ ዋጋ ብናጻ ነቲ ዚኣምን ሰብ ዚወሃብ ህያብ ኣምላኽ እዩ። በዚ ድማ እዩ ምድሓን ብእምነት ብጸጋ እዩ ዚወሃብ ኢሉ መጽሓፍ ቅዱስ ዚነግረና። (ሮሜ 3፣24, 6፣23 ኤፌ 2፣8-9 2ጢሞ 1፣9)
- ምድሓን ብዘይካ ብየሱስ ክርስቶስ ብኻልእ ከቶ የልቦን። ሃይማኖት፣ ግብሪ፣ ፍልስፍና፣ ዝተፈላለየ ወግዕታት ናብ ድሕነት ኬብጽሓና ኣይክእልን እዩ። ሓደ በይኑ መድሓኒ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። (ዮሃ 10፣9-14 ግብ 4፣12)

➢ *ፍረ ምድሓን*

ምድሓን ኣብ ሰብ ዜምጽኦ ቅጽበታዊ ረብሓታት ኣሎ። እዚ ድማ ከምቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ብዙሕ ክፉእ ሳዕቤን ዝመጸ፣ ከምኡ ብምድሓንካ ዚስዕበካ ነገር ምህላዉ የመልክተና፣-

- ሕድገት ሓጢኣት - (ኤፌ 1፣7 ዮሃ 1፣9 ሮሜ 8፣1)
- ጽድቂ ኣምላኽ - (ሮሜ 3፣24 ሉቃ 18፣9-14)
- ሰላም ምስ ኣምላኽ - (ሮሜ 5፣1 ቈሎ 1፣20)
- ሓድሽ ፍጥረት - (2ቆሮ 5፣17 ኤፌ.2፣10)
- ጎይታ ኣብ ህይወትካ ይሓድር - (ዮሃ 14፣23 1ቆሮ 6፣9-20)
- ናይ ዘለኣለም ህይወት ትውንን - ዮሃ 3፣16, 5፣24 1ዮሃ 5፣11-13)
- ሓርነት ይስመዓካ - (ዮሃ 8፣32-36 2ቆሮ 3፣16-17 ገላ 5፣1)
- ኣብ ህይወት ዚድህሰስ ሰላም ትረክብ - (ሮሜ 14፣17 ዮሃ 14፣27 ፊሊ 4፣7 ኢሳ 26፣3 ሮሜ 8፣6 ኤፌ 2፣14-17)
- ሓጎስ ኣምላኽ ኣብ ህይወት ይገሃድ - (ግብ 14፣48, 16፣34 1ተሰ 1፣6)
- እቲ ሓደኳ ክረኽቦ ዘይክእል መሰል ውልድነት ኣብ ኣምላኽ ትረክብ። (ሮሜ 8፣14-15 ገላ 4፣6 ዮሃ 1፣12)

❖ ንምጥቕላል እቲ ኣብ መንጎ ሰብ ባዕሉ ብግብሩ ኺረኽቦ ዚደሊ ጽድቅን ካብ ኣምላኽ ዚርከብ ጽድቅን ዘሎ ፍልልይ ንምድሓን ዚትንክፍ ኮይኑ ከምዚ ዚስዕብ ምኻኑ ምጥቃሱ ኣገዳሲ እዩ።

ጽድቂ ኣምላኽ - ናይ እምነት ጽድቂ እዩ - ብክርስቶስ ኣቢልካ ናብ ኣምላኽ ምምጻእ ድማ እዩ።

ጽድቂ ሰብ - ናይ ግብሪ ሕጊ (ባዕልኻ እትጽዕሮ ጽድቂ) እዩ - ሰብ ብሕጋጋት ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ይደሊ።

ጽድቂ እምበኣር ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘለዎ ኣቃውማ ወይ ኣመጻጽኣ የመልክት። እቲ መገዲ ድማ ብክርስቶስ ወይ ብገዛእ ርእስኻ ነይሩ። ሰብ፣ በቲ ዳሕረዋይ ማለት ብሰናይ ግብሪ ዚርከብ ጽድቂ ስለዘይተዓወተ እዩ፣ ክርስቶስ ጽድቅና ኪኸውን መጺኡ። (1ቋረ 1፣31)

# 4ይ ትምህርቲ

# ምምልላስ ምስ ክርስቶስ

ሰብ ሓንሳእ ብክርስቶስ ኣሚኑ ምስደሓነ ናብ ናብራ ክርስትና እዩ ዚኣቱ። ብርግጽ፣ ሓንሳእ ናይ ምድሓን እምነት ምስረኸበ፣ ሰብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ብምርካቡ ኣብ ምድሪ እቲ ዜድሊ ዕላማ ህይወት ጨቢጡ ብምኻኑ ዋላ እንተሞተ ኣይመገደሰን። (ፊል 1፣20) ግናኸ ፍቓድ እግዚኣብሄር ክሳዕ ዘይኮነ ሰብ ብህይወት ብስጋ ይጸንሕ። እዚ ድማ ክሳዕ እታ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ኪጸንሕ ዝወሰነሉ እዩ። ስለዚ፣ ኣብዚ ምድራዊ ናብራ፣ ብየሱስ ክርስቶስ ምድሓን ምስ ረኸብና ምስኡ ኽንመላለስ እዩ ዚድለየና። እዚ ምምላስ እዚ፣ ልክዕ ከም ተጓዓዝቲ ኣብዛ ምድሪ እንነብሮ ናይ ጉዕዞ ህይወትና እዩ። ኣብ ሑቕፊ ጎይታ እንበጽሕ፣ ኣብ መገዲ ኢና ዘሎና። ንክርስቶስ መሲልና ምእንቲ ክንጎዓዝ እምበኣር፣ ከምቲ ንሱ ዝተመላለሶ ኴንና ኽንምላለስ የድልየና። ጉዕዞና ንኽንፍጽም ስንቂ የድልየና፣ እዚ ስንቂ እዚ ከም ምንባብ ቃል ኣምላኽ፣ ጸሎት፣ ሕብረት ኣሕዋትን ዝኣመሰለ ኮይኑ ናብ ምልኣት ድማ የብጽሓና።

## 1. ቃል ኣምላኽ

ኣብቲ ምስ ክርስቶስ እንመላለሰሉ እዋን ቃል እግዚኣብሄር ምንባብን ምጽናዕን ብእኡ ንኽንንዓብይ፣ ባህርይ ኣምላኽ ድማ ኣባና ኺንጸባረቕ ይረድኣና። ከመይሲ ቃል ኣምላኽ ይምግበና፣ ከም እንዓቢ ይገብረና፣ ከምኡውን የዕርየና፣ የለብመናን ጥበብ ይህበናን እዩ።

*"ሙሴ ኸኣ እዚ ነገር እዚ ንኹሉ እስራኤል ተዛሪቡ ወድኤ፣ በሎም ድማ፣ እዚ ሎሚ ኣነ ዝምስክረልኩም ዘለኹ ቃላት እዚ ሕጊ ተጠንቂቕኩም ንደቅኹም ክትእዝዝዎም፣ ኩሉ ቃላት እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ልብኹም ኣንብርዎ። እዚ ነገር እዚ ህይወትኩም እዩ።"* (ዘዳ 32፣45-47 ቈሎ 3፣16-17)

- ከምቲ እዚ ቃል ዚብሎ ዘሎ፣ ቃል ኣምላኽ ንዝጠመየ ዜጽግብ ናይ ህይወት መግቢ እዩ። ብእንጌራ ድማ ይምሰል። (ዘዳ 8፣3 ኣሞ 8፣11 ዮሃ 6፣35 ዮሃ 6፣63 ማቴ 4) በዚ ድማ ክንምገቦ እሞ መንፈስና ከነሕይል ይግባእ።

- ቃል ኣምላኽ ንህይወት ደቂ ሰባት ኣጕሊሑ ዜርኢ ብምኻኑ ብመስትያት ይምሰል እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና መስትያት ከይርኤና ዘይንወጽእ፣ ከምኡ ንህይወትና ኩሉ ጊዜ ብቓል ኣምላኽ ክንርእያ ከምዜድልየና የረድኣና።

- ቃል ኣምላኽ ኣብ ሕሊና ሰባት ንዘሎ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚጻረር ዘበለ ሓሳብ ቆሪጹ ስለዚኣሊ፣ ከም ሰይፊ ይምሰል እዩ። (እብ 4፣12) ኣብ ካልእ ስፍራውን *"ኣብ የማናይ ኢዱ ሸውዓተ*

*ከዋኽብቲ ኣለዎ፣ ካብ ኣፉ'ውን ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ይወጽእ፣ ትርኢቱ'ውን ከምታ ብሓይሊ እተብርህ ጸሓይ እዩ።"* (ራእ 1፣16)

- ቃል ኣምላኽ ንተሪር ዝኾነ ልቢ ዚሰብር ማለት ዜእምን ብምኽኑ ከም ሞዶሻ ይምሰል እዩ። *"ቃለይ ከምቲ ንኽውሒ ሓሽምሽም ዘብል ሞዶሻ ኣይኮነን?"* (ኤር 23፣29)

- ቃል ኣምላኽ ንህይወት ሰብ ኣጕሊሑ ብምርኣይ ጉድለትካ ከምእትኣሊ ይገብረካ፣ ኮሊዑ የጽርየካ እዩ ኣሞ ብሓዊ ይምሰል እዩ። *"ግናኸ ንሱ ከም ናይ ኮላዒ ሓውን ከም ናይ ሓጸቢ ሳሙናንን እዩ'ሞ ኑታ መዓልቲ ምምጻኡ መን ይጽመማ። ንሱ ኪግለጽ ከሎስ መን ይቐውም።"* (ሚል 3፣2-3 ኤር 23፣29)

- ቃል ኣምላኽ ንመንፈስ ሰብ የሐድስ የለምልም፣ የርውን የንጽህን እዩሞ ብማይን ዝናብን ይምስል እዩ። *"ዝናብን ውርጭን ካብ ሰማይ ከምዚወርድ እሞ ንምድሪ ከየስተዮ ከምዘይተርፍ፣ ... ዘርኢ ንዘራኢ፣ መግቢ ንተቐላቢ ድማ ከይሃቦ ከምዘይተርፍ ከምኡ ድማ እቲ ካብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃል ክኸውን እዩ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኬስልጥ ኣብቲ ኣነ ዝልእኾ ኬቕንዕ እዩ፣ እምበር ብኸንቱ ናባይ ኣይምለስን እዩ።"* (ኢሳ 55፣10-11)

- ቃል ኣምላኽ ንመገዲ ህይወትካ ይመርሕ እዩሞ ከም መገዲ ይምሰል እዩ። *"ጎበዝ ንነብሱ ብምንታይ የህድእ፣ ኽም ቃልካ ብምጥንቃቕ።"* (መዝ 119፣9, 105 ዮሃ 4፣14 ዮሃ 15፣3 ኤፌ 5፣ 25-27 ዘዳ 17፣20)

- ቃል ኣምላኽ ንዝሓመመ ብዝተፈላለየ መገዲ ኪፍውስ ዚኽእል እዩሞ፣ ከም ፈውሲ ይምሰል እዩ። *"ቃሉ ልኢኹ ኣሕወዮም ካብ ጉድጓዶም ከኣ ኣናገፎም።"* (መዝ 107፣20 ማቴ 8፣5-13)

- ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወት ሰብ ጽድቂ የብቁል፣ ከም ዘርኢ ይምሰል። *"በለ ድማ፣ መንግስቲ ኣምላኽ ዘርኢ ንምድሪ ከም ዝዘርአ ሰብ እሞ ንሱ ለይትን መዓልትን ይትንስእን ይድቅስን፣ እቲ ዘርኢ ድማ ንሱ ከይፈለጠ ይበቁል፣ ይዓቢ'ውን፣ እታ ምድሪ ባዕላ ትፈሪ፣ ቅድም ጮማ፣ ደሓር ሰዊት፣ ደሓር በጽሒ፣ ስርናይ ምስ በጽሓ ቀውዒ ኣትዩ እዩ'ሞ፣ እቲ ሓረስታይ ማዕጺዱ ይሰድድ።"* (ማር 4፣26-27 1ቆሮ 3፣17 ማቴ 8፣13-15)

- ቃል ኣምላኽ ንሓጢኣትን ፈተናን ስዒርካ ክትወጽእ ይሕግዘካ። (ሉቃ 4፣1-12 1ዮሃ 2፣14)

- ቃል ኣምላኽ፣ ንትምህርቲ፣ ንተግሳጽ፣ ንምቕናዕ፣ ይጠቅም። (2ጢሞ 3፣4-17 ዘዳ 17፣19-20 ዘዳ 30፣19-20)

## 2. ጸሎት

ኣብ ምድሪ ኽለና ካልእ ምስ ክርስቶስ እንመላለሰሉ መገዲ ንህይወት ኣማኒ ድማ ኣዝዩ ዜገድሶ ጸሎት እዩ። ብሕጽር ዝበለ፣ ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ማለት እዩ። እዚ ነቲ ብክርስቶስ ዝረኸብካዮ ምድሓን እተጽንዓሉን ቃሉ ፈሊጥካ ምስኡ እትሓብረሉን መገዲ እዩ። ከምቲ ንሓደ ሰብ ንኽትፈልጦ ምስኡ

ተራኺብካ ጊዜ ከተሕልፍ ዘሎካ ከምኡ ድማ ንኣምላኽ ክትፈልጦ ምስኡ ብመገዲ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ክትራኸብ የድልየካ። እዚ ድማ ምስ እግዚኣብሄር ጥቡቕ ዝኾነ ፍልጠት ወይ ሕብረት ኪህልወና ብጸሎት ምትጋህ ማለት እዩ። እምበኣርከ፣ ንሱ ብቓሉን መንፈሱን ይዛረበና፣ ንሕና ብጸሎት ምስኡ ንዘራረብ። ካብ ጸሎት እንረኽቦ ረብሓ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ካብ እግዚኣብሄር ፍትሒ ይወጸልና፣ ምጽንናዕ ንረክብ፣ ኣብ ምድሪ ወይ ሃገር ብሰላም ንነብር ወ.ዘ.ተ። ስለዚ ጸሎት ልዑል ሓይሊ ዘለዎ መንፈሳዊ መሳርሒና እዩ። እቲ ዘይጸሊ ሰብ ንኼጥቅዖ እዩ ንሰይጣን መገዲ ዚኸፍተሉ። (ዚንበብ ጥቕስታት - ሉቃ 18፣1-8 21፣36 1ጢሞ 2፣1-4)

- *መኣዝ ኢና ክንጸሊ ዘግባኣና?*

ብርግጽ ኹሉ ጊዜ ኢና ክንጸሊ ዚግብኣና። እዚ ምስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ልምምድን ዕለታዊ ሰሌዳ ጊዜን ኪፈላለ ዚኽእል እዩ፣ ብዝተፈላለየ መገዲ ድማ ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት፣-

1. በብጊዜኡ ብምስትንታን - ስራሕካ ከይገደፍካ ምስ ጎይታ ኣብ ዝኾነ ቦታን ጊዜን ንኣምላኽ ብምዝካርን ብምሕሳብን ክትጽሊ ዚከኣል እዩ። (ምሳ 3፣6) ነዚ ዚድግፈና እቲ ከየባተኽኩም ጸልዩ ዚብል ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ምኽሪ ኣሎና። (1ተሰ 5፣17)
2. ከከም ኩነታቱ ብጾም ኣሰኒኻ ጸሎትን ክትገብር ይከኣል።
3. ኣንጊህካ ብምትንሳእ ናይ ወጋሕታ ጸሎት ክትጽሊ ትኽእል። (መዝ 5፣1-3 መዝ 55)
4. ብኻልእ መገዲ ድማ ኣብ ናይ ለይቲ ሰዓታት ብምንቃሕ ምጽላይ ይከኣል። "ኮነ ድማ የሱስ በቲ ወርሓት እቲ ኺጽሊ ናብ ከረን ደየበ፣ ለይቲ ብምልእታ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነቒሑ ሓደረ።" (ሉቃ 6፣12 መዝ 119, 62, 147-148)

ጸሎት ንህይወት ክርስትያን ኣማኒ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ልክዕ ከም ማይ ክትጸምእ ዘሎካ ነገር እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ዳዊት "እራብ ናብ ዓይኒ ማይ ከምእትናፍቕ ከምኡ ድማ ዎ እግዚኣብሄር ነፍሰይ ንዓኻ ትናፍቕ ኣላ" ኢሉ ከምዝዘመሮ፣ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ንምግባር ክርስትያን ኪጸምእ ኣለዎ። (መዝ 41፣1) እዚ እዩ ጥዑይ መንፈሳዊ ህይወት ከምዘሎካ ምልክት ዚኸውን። ብጸሎት ናብራኻ ኪልወጥ፣ ዓሚቝ መንፈሳዊ ህይወት ኪህልወካን ይኽእል።

- *ከመይ ኢልና ንጸሊ?*

ከምዚ ወይስ ከምቲ ኢልካ ጸልይ ዚብል ሕጊ የልቦን። ጸሎት ምጽላይ ደኣ ኣምበር፣ ዓይነት ኣጸላልያ የልቦን። ከም ልማድ ሰባት ግና ከምዚ ዚስዕብ ጌሩ ሰብ ይጽሊ። እዚ ድማ ከከም ዚሰማምዓና ክንትግብሮ ንኽእል።

- ተንበርኪኽና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብናይ ትሕትና ክንጽሊ ንኽእል። (ዳን 6፣10)
- ቀስ ኢልና ብልብና ንጽሊ። (1 ሳሙ 1፣13)
- ተደፊእና ብስግደት ክንጽሊ ንኽእል። (ማቴ 26፣39)

➢ ዓው ኢልና ድምጽና ኣውጺእና ክንጸሊ ንኽእል። (1ነገ 8፣22-61)
➢ ኮፍ ኢልና ብምስትንታን ክንጸሊ ንኽእል። (ማር 11፣25)
➢ በቲ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ካልእ ቋንቋታት (ልሳን) ብመንፈስ ክንጸሊ ንኽእል። (1ቆሮ 14፣2-15 ኤፌ 6፣18)
➢ ጸሎት ምጽላይ ግን ኣቃውማ ናይ ኣካላት ዘይኮነስ ኣቃውማ ልብናን መንፈስናን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምዕራይ እዩ። ስለዚ ጸሎት ኣገባብ ወይ ፎርሙላ የብሉን።

- *ኣበይ ክንጸሊ ይግባኣና*

ጸሎት ከምቲ ጊዜ ዘይውስኖ፣ ከምኡ ቦታውን ኣይውስኖን እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዚስዕብ ኳንና ክንጸሊ ንኽእል፣-

➢ ኣብ ኩሉ ስፍራ - (1ጢሞ 2፣8)
➢ ኣብ ዕጹው ቤትና (ብሕት ኢልና) - (ማቴ 6፣6)
➢ ኣብ ማሕበር (ቤተ ክርስቲያን) ምስ ኣሕዋት - (ግብ 4፣23-31)
➢ ኣብ ኣባይቲ፣ ከም ጉጅለ ዋህዮ (ግብ 12፣12)

- *ዓይነት ጸሎት*

ብመሰረት እቲ እንጽልዮ ዓይነታት ኣርእስቲ፣ ዓይነታት ጸሎት ድማ ይፈላለ። ኣብ ልብና እንታይ ሒዝና መጺና እምበኣር ወሳኒ እዩ ነቲ ዓይነት ጸሎትና። በዚ መሰረት እዚ ዚስዕብ ዓይነታት ጸሎት ኣሎ፣-

1. ናይ ምስጋና ጸሎት - ከም ውሉድ ኣምላኽ፣ ስለ ኹሉ ሰናይ ውህበታት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብናይ ምምስጋና መንፈስ ክንጸሊ ንኽእል። (መዝ 50፣14 እብ 13፣15)
2. ናይ ኣምልኾ ጸሎት - ንኣምላኽ ዘሎና ኣድናቖትን ክብርን ብምግላጽ፣ ንእግዚኣብሄር ናይ ኣምልኾ ጸሎት ነዕርገሉ። (ራእ 7፣9 ኢሳ 6፣3)
3. ናይ ልመና ጸሎት - ኣምላኽ ዜድልየና ዘበለ ዚመልኣልና ኣቦና ስለዝኾነ ካብ እግዚኣብሄር ገለ ምእንቲ ኽንቅበል ኢልና ልማኖና ብጸሎት ነቕርብ። (ማቴ 7፣7-11 ዮሃ 16፣24 ፊል 4፣6)
4. ናይ ንስሓ ጸሎት - ሓጢኣትን ዘይምእዛዝን ዘበለ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይነቕፈና እዩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝሓጣእናዮ ብምንዛዝ ክንጸሊ ንኽእል። (መዝ 38፣13 መዝ 51 እብ 4፣16 1ዮሃ 1፣8-9, 2፣1-2 ነህ 9 ዳን 9)
5. ናይ ምምላድ ጸሎት - ብዛዕባና ጥራይ ኣይኮንናን ኣንጸሊ። ኣብ ክንዲ ኻልኦት ሰባት ብምጽላይ መዓይይቲ ኣምላኽ ንኸውን። ንኣብነት፣-
    - ስለ ህዝብን፣ ሃገርን፣ መራሕትን - (1ጢሞ 2፣1-4 ሉቃ 16፣24)
    - ስለ ዕዮ ወንጌል - (ማቴ 9፣37)
    - ስለ ህዝቢ ኣምላኽ - (ኤፌ 6፣18)

6. ናይ መንፈሳዊ ውግእ ጸሎት - እዚ ነቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም፣ ማለት እቲ ዘይረአ ዓለም ብምግንዛብ፣ ብእምነት ኣንጻር ሓይልታት ጸልማት እንገብሮ ውግእ እዩ። ከመይሲ ጸላእቲ ጽድቂ ዝኾኑ መንፈሳዊ ሓይልታት ኣለዉ። ሰይጣንን መላእኽቱን ካብ ኣምላኽ ምስዓለዉ ኣንጻር ጽድቅን ሓቅን ዘበለ ኣንጻር መንግስቲ ኣምላኽ ውግእ ይገብሩ ኣለዉ። ንሕና ምስ እግዚኣብሄር ኣቦን ወዱ የሱስ ክርስቶስን ክንሓብር ከለና ምስዚኦም ሓይልታት ኣብ ውግእ ኢና ዘሎና። (መዝ 35 1ጴጥ 5፣8 ኤፌ 6፣11-18 ያእ 4፣7)

## 3. ሕብረት ምስ ኣሕዋት

ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽን ጸሎትን ሳልሳይ ምስ ክርስቶስ እንመላለሰሉ እሞ ኣብ ክርስትያናዊ ህይወትና እንዓብየሉ ሕብረት ምስ ኣሕዋት (ቅዱሳን) እዩ። እግዚኣብሄር ሕብረት ዚፈቱ ኣምላኽ እዩ። በዚ ድማ እዩ ኣብ መዝሙር 133 “እነሆ ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም ኺነብሩስ ክንደይ ሰናይን ጥዑምን እዩ፣ … ኣብኡ እግዚኣብሄር በረኸትን ህይወትን ንዘለኣለም ኣዚዙ እዩ እሞ ከምቲ ናብ ኣኽራን ጽዮን ዚወርድ ጠሊ ሄርሞን እዩ።” እግዚኣብሄር ሕብረት ስለዚፈቱ እዩ ንኣዳም ዝፈጠረ፣ ደሓር ድማ ሰብ ምስወደቐ ንወዱ ልኢኹ ብመገዲ መስቀል ምስኡ ዝተዓረቐና። እምበኣር፣ ክርትያን ዝደሓነ ምስ ኣምላኽን ምስ ኣመንቲ ኅይታን ሕብረት ምእንቲ ኽንገብር እዩ። ኩልና ክርስትያናት ኣመንቲ ናይ ኅይታ ማሕበር ኢና። ኣካል ክርስቶስ ተባሂልና ድማ ንጽዋዕ። ኅይታ ኸኣ ኣብ ሕብረት ይግለጽ እዩ። (ማቴ 18፣18-20) ኅይታና የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ድማ ንኣና ምስ ኣምላኽ ኬሕብረና ስለዚ እዩ መጺኡ። (ዮሃ 17፣20-23)

ምስ ኣሕዋት ክርስትያናት ብዝተፈላለየ መገዲ ሕብረት ንገብር። ከም ኣብነት ድማ፣-

- ብሓደ ንኣምላኽ ብምምላኽ፣ ቃል ኣምላኽ ሓቢርና ብምንባብ፣ ሓቢርና እንጌራ ብምቍራስ ከምኡውን ምስ ሓድሕድና ናይ ልብና ብምክፋል።
- ጾር ሓድሕድካ ብምጽውዋር፣ ብጸሎትን ምምኽኻርን።
- ንሓድሕድና ብመንፈሳውን ንስጋና ዜድልን ሞራላዊ ነገራትን ብምትሕግጋዝ።
- ጸጋ ሓድሕድካ ብምምቓል።

- ነዚ ኹሉ ዚንበብ ጥቕስታት - ግብ 2፣41-47 ግብ 4፣32-35 ኤፌ 5፣18-19 እብ 10፣24-25

## 5ይ ትምህርቲ

# ጥምቀት

ጥምቀት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ስርዓታት ቤተ ክርስትያን እዩ። ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ብፍላይ ክልተ ስርዓታት ሂቡዋ ንቤተ ክርስትያን። ንሳተን ከኣ ጥምቀት ከምኡውን ቅዱስ ቁርባን እየን። ንሕጂ እንርእዮ ጥምቀት እዩ። ጥምቀት ብእንግሊዝኛ *ባፕቲዝም* ተባሂሉ ዚጽዋዕ፣ *ባፕቲዞ* ካብ ዚብል ናይ ግሪኽ ቃል ዝመጸ እዩ። ትርጉሙ ድማ *ምቕባር* ወይ *ምጥላቕ* ወይ *ምጥሓል* ማለት እዩ። ኣብ ክርስትና ጥምቀት ብማይ ዚግበር ኪኸውን ከሎ እቲ ዚጥመቕ ምሉእ ሰብነቱ ጥሒሉ ብምውጻእ ይፍጸም። ብሓፈሽኡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ጥምቀት ኪዛረብ ከሎ ናይ ማይ ጥምቀት ሰባት ብክርስቶስ ኣሚኖም ዚፍጽምዎ ቅዱስን መንፈሳውን ስርዓት ኢዩ። ኣገባቡ ኸኣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ እዩ። ማለት፣ ብዘሎ ኣካላትካ ኣብ ማይ ኣቲኻ ብማይ ተቐቢርካ ምውጻእ ማለት ኢዩ።

### ጥምቀት ከመይ ኢሉ ተጀሚሩ /ታሪኽ/

ጥምቀት ከም ቃል ናይ ግሪኽ መበቆል ከም ዘለዎ ርኢና ኣሎና። እዚ ድማ ጥምቀት ኣብ ኣይሁድ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ካልኦት ህዝብታት ድማ ዚዝውተር ዝነበረ ስርዓት ምዃኑ የረድኣና። ብመሰረት ግሪኻዊ ኮነ ምብራቓዊ ከምኡውን ድሒሩ ዝመጸ ኣይሁዳዊ ስርዓተ ጥምቀት፣ ሰብ ንሓደ ዓይነይ ምስጢራዊ እምነት ኪስዕብ ኢሉ ወይስ ናይ ሓደ መምህር ሰዓቢ ወይስ ወደመዝሙር ኪኸውን እዩ በቲ መምህር ዚጥመቕ ዝነበረ። ንኣብነት፣ ኣብ ናይ ቀደም ባቢሎናውያን ከምኡውን ግብጻውያን ህዝብታት ማይ የንጽህ እዩ ኢሎም ይኣምኑ ብምንባሮም ኣብ ከም እኒ ጢግሪስ ከምኡውን ናይል ዝኣመሰሉ ኣፍላጋት የጥምቑ ነይሮም። ብኻልእ ወገን ድማ ናይ ሶቅራጥስ ፍልስፍና ተኸታሊ ንምዃን ብስም ሶቅራጥስ ሰብ ይጥመቕ፣ ናይ ሙሴ ሰዓቢ ንምዃን ፈሪሳውያን ብስም ሙሴ ይጥመቑ ነበሩ። እዞም ፈሪሳውያን ንዝኾነ ሰብ ኣይሁዳዊ ኪገብሩዎ ኸለዉ ብማይ ጥምቀት የጥምቑዎ ነይሮም።

ድሕሪ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ዘመን፣ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ክርስቶስ ኣጋ ምምጽኡ ዝነበረ ዘመን ስርዓተ ጥምቀት ብፍሉይ መገዲ ኣብ ምድሪ ይሁዳ ይትግበር ነበረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ዮሃንስ መጥምቕ ባዕሉ ሰባት ብዛዕባ ንስሓ ንሕድገት ሓጢኣት ኪእመኑ ኢሎም ይጥመቑ ነበሩ። እዚ ኪኸውን ከሎ እቲ ማይ የንጽሆም ነይሩ ማለት ዘይኮነስ፣ ዮሃንስ ባዕሉ ከምዚ እንተኾይኑስ "ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ" እናበለ እዩ ዜማሕጽኖም ዝነበረ። እምበኣርከ፣ ስርዓተ ጥምቀት መገድኻ ከምዝቐየርካ ንዓለም እትእውጀሉ ኣገባብ ምንባሩ ቃል ኣምላኽ የረድኣና። (ኢሳ 40፣3 ዮሃ 1፣23)

ዋላኳ ኣይሁድ ንምንጻህ ኢሎም ይጥቀሙሉ እንተነበሩ፣ ኣብ ክርስትና እዚ ዓይነት ጥምቀት ኣይኮነን ቀጺሉ። ክርስትናስ ንወደመዝሙርነት እዩ ንስሓ ኣሰንዩ ኬጥምቕ ዝጀመረ። መጀመርያ ንስርዓት ጥምቀት ከም ኣገዳሲ ስርዓት ዝፈቐደ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ። የሱስ ንዮሃንስ "ኩሉ ጽድቂ ክንፍጽም ይግበኣና

እዩ” ኢሉ ኬጥምቖ ፈቒዱሉ። (ማቴ 3፣13-17 ሉቃ 7፣29-30) እዚ ድማ ብደቀ መዛሙርቲ ኣብ ኩሉ ክርስትያን ቀጺሉ። ስለዚ ንምንታይ ንጥመቕ ንዚብል ሕቶ ዚወሃበና መልሲ፣-

- ብማይ ክንጥመቕ ትእዛዝ ኣምላኽ ብምዃኑ - (ማር 16፣16)
- ምፍጻም ጥምቀት ንስርዓት ኣምላኽ ምእዛዝ፣ ዘይምፍጻሙ ድማ ምንዓቕ እዩ - (ሉቃ 7፣29-30)
- የሱስ'ውን ብማይ ተጠሚቑ እዩ፣ ንሕና ድማ ከም ደቀ መዛሙርቱ ንጥመቕ - (ማቴ 3፣13-17)
- ኩሎም ሃዋርያትን ኣመንቲ ቅዱሳንን ብማይ ተጠሚቖም እዮም፣ ንሕና ድማ ናይ ሎሚ ቅዱሳን ኢና - (ግብ 2፣41 ግብ 8፣12 ግብ 8፣26-40)

## ➢ *ከመይ ዝበለ ሰብ ኢዩ ኪጥመቕ ዘለዎ?*

ሰብ ዚጥመቕ ንርእሱ እዩ፣ ንኻልእ ወይ ብኻልእ ተገዲዱ ኣይኮነን። ሰብ ባዕሉ እዩ ብዛዕባ እምነቱ ዚውስን፣ ባዕሉ ድማ ብዛዕባ ጥምቀቱ ይውስን። ከመይሲ ኣገዲዱ ክርስትያን ኪገብረካ ዚኽእል ከምዘየሎ ኣገዲዱ ድማ ኬጠምቐካ ዚኽእል የልቦን። ዘይኣመንካሉ ነገር ምግባር ናይ ክርስትና ምህሮ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ *“ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድሕን እዩ፣ እቲ ዘይኣመነ ግን ኪኹነን እዩ፣”* ዚብለና (ማር 16፣15) ስለዚ እቲ ወንጌል ሰሚዑ ዝኣመነ እዩ ኪጥመቕ ዚኽእል። (ሮሜ 10፣14-17 ማር 16፣16 ግብ 8፣36-37 ግብ 18፣8)

## ➢ *በዚ ምኽንያት ህጻናት ዝጥመቕዎ ጥምቀት ብኸመይ ይርኤ?*

ህጻን ኪኣምን ወይስ ከይኣምን ኣይክእልን እዩ። ህጻን፣ ንርእሱ ኪውስን ዘይክእል ብምዃኑ፣ ፈትዩ ሓጢኣት ኪገብር ወይስ ከይገብር ኣይክእልን። ከምኡ ድማ ሓጢኣቱ ተኣሚኑ ብእምነት ክርስቶስ ኪድሕን ኣይክእልን። በዚ ድማ እዩ ኣምላኽ ከም ንጹሃት ስለዚፈልጦም “ህጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕደጉዎም” እምበር “ይነስሑ” ዘይብል። ንሳቶም ጽቡቕን ክፉእን ክሳዕ ዘይፈለጡ ኣዳማዊ ሓጢኣት ንኹነኔ ዘለኣለማዊ ጥፍኣት ዚምልከቶም ኣይኮነን። ስለዚ ንህጻን ምጥማቕ ኣየድልዮን እዩ ትርጉም ድማ የብሉን፣ ኣየድሕኖ ኣየኹንኖ። ሰባት ንስርዓተ ጥምቀት ብግጉይ መገዲ ኺትርጉምዎ ኸለዉ ግን፣ ጥምቀት ከም ንምንጻህ ኢልካ እትገብሮ እዮም ዚሓሰብዎ። እዚ ጌጋ እዩ፣ ከምኡ እንተዚኸውን ንክርስቶስ ምጥማቕ ኣይመድለዮን፣ ከመይሲ ሓጢኣት ኣይገበረን እሞ ምንጻህ ኣይመድለዮን። ክርስቶስ ግን ተጠሚቑ እዩ። ንምንታይ? ነቲ ናይ ዮሃንስ መጥምቕ ኣገልግሎት ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣገልግሎት ምዃኑ ንኺምስክር እዩ። ነቲ ሓሳብ ኣምላኽ ፈጺሙዎ እምበር ኣይነዓቖን።

ብኻልእ መገዲ ድማ፣ ጥምቀት ክርስቶስ፣ ንጎይታ ምስ ኣቦ ሕብረት ከምዘለዎ፣ ሓድነቱ፣ ክብሩ ዘርኣየ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ኣቦ ኣብቲ እዋን ጎይታና የሱስ ክርስቶስ “እቲ ፍቁር ወዱ” ምዃኑ መስኪሩሉ እዩ። (ማቴ 3፣16-17) እዚ፣ ጥምቀት ክብሪ ኣምላኽ ዚግለጸሉ ነገር ምዃኑ፣ ንሕናውን ንኽብሪ ኣምላኽ ኢልና እንገብሮ ስርዓት ምዃኑ ድማ የመልክተና።

ህጻናት ኣብ ታሪኽ ኬጥምቑዎም ዝጀመሩ ኣብ ኣውሮጳ (ኣብ ማእከላይ - ናይ ጸልማት - ዘመን)፣ ኣብቲ ህጻናት ብዝተፈላለየ ምኽንያት (ንኣብነት ፌራ) ብብዝሒ ይሞቱ ብምንባሮም ሓደ ሕቶ ተላዒሉ። እዞም ዝሞቱ ዘለዉ ህጻናት እንታይ ኪኾኑ እዮም ዚብል ሕቶ። ነዚ ዝሃቡዎ መልሲ ኸኣ ነቲ ቅኑዕ ሓቂ ማለት "ህጻን ንጽቡቕ ምምራጽ ንኽፉእ ድማ ምእባይ ክሳዕ ዘይፈለጠ ንጹህ እዩ" ዚብል ዚጻረር ነበረ። ዝተዋህበ መልሲ ግን ብምኽንያት ኣዳማዊ ሓጢኣት ኪጠፍኡ፣ ፍርዲ ገሃነም ኪፍረዱ እዮም ዚብል እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ "ንህጻናት ዘይነጥምቖም" ብዚብል ሓሳብ መሊሶምዎ። ኣምላኽ ዘይተሸገረሉ ነገር ሰብ ኪሽገረሉ ኣየድልን። ክርስቶስ ንህጻናት ኣጥምቑ ኢሉ ኣይኣዘዘን፣ ከመይሲ ጥምቀት ምስ እምነት እተተሓሓዘ እዩ። ከምቲ "ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፣ ብግብሪ እቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም" ዚብል ቃል ዘሎ፣ ጥምቀት ብክርስቶስ ኣሚንና ከምዝደሓንና ምስክር እዩ። (ቈሎ 2፣12) ንዓለም ከምቲ ኖህ ዝገበሮ ንምስክረላ። እዚ ዓበይቲ ዚገብርዎ ደኣ እምበር ህጻናት ዚገብሩዎ ኣይኮነን።

ሰባት ከም ባህሊ ንህጻናት፣ ንወዲ ኣብ ኣርብዓ ንጓል ድማ ኣብ ሰማንያ መዓልቲ የጥምቑዎም። እዚ ግጉይ ትርጓሜ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ኣብ ኦሪት ዘሌዋውያን 12 ንዘሎ ስርዓት ምንጻህ ሰበይቲ ድማ ይጠቕሱ። እቲ ጽሑፍ ግን ብዛዕባ ምንጻህ እታ ሰበይቲ ነቲ ሕጻን ድማ ናብ ቤት ኣምላኽ ምምጻኣ እዩ ዜርእየና። ኣብቲ ዘመን እትስ ጥምቀት ማይ ዚበሃልውን ኣይነበረን። ንህጻን ምውፋይ ግና ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ሰናይ ነገር እዩ፣-

- ህጻን ከተወፍዮ ከሎኻ ኣምላኽ ብውላድ ስለዝባረኸካ ከተመስግኖን፣ እዚ ህጻን ናትካ እዩ ስለዚ ባርኸልና ምባልካ እዩ።
- ህጻን ከተወፍዮ ከሎኻ፣ ወለዲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ህዝቢ ኣምላኽን፣ ብዛዕባ ግቡእ ሓላፍነቶም ኪዳን ከምዚኣትዉን ንምግባር እዩ።

እምበኣርከ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ማለት ቅድሚ ናይ ፈሪሳውያን ስርዓት ዝኾነ ስርዓተ ጥምቀት ኣይነበረን። ህጻን ምጥማቕ ድማ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ባህሊ ሰብ እዩ።

- ➢ ***ጥምቀት ናይ ሓድሽ ኪዳን ስርዓት ኢዩ***

ኣብ 1ቆሮ 10፣1-4 "ብደመናን ብባሕርን ናብ ሙሴ ተጠምቁ" ዚብል ቃል ኣሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ከም ምሳሌ ይጥቀመሉ። እቲ ብእምነት ንሙሴ ኣሚኖም ንባሕሪ ኤርትራ ምስጋሮም ንሞት ከምዝተወፈዩ ዜርኢ ነገር እዩ። ካብ ኣመኑ ድማ ብትሕቲ ማይ ብምህላፎም ንጥምቀት ዚገልጽ ነገር ኮይኑ። እዚ ናይ ደቂ እስራኤል ምስ ሙሴ ዝገበሩዎ ነቲ ናይ ክርስቶስ ንዓለም ኪፈርዳ ኸሎ ንሕና ግና ዝደሓንናሉ ዜርኢ ጥምቀት ዓብዪ ኣብነት እዩ። ከመይሲ ግብጻውያን እቶም ንዓለም ዚውክሉን ፈርኦን ንሰይጣን ከም ገዛኢ እዛ ዓለም ዚውክልን ሙሴ ኪፈርዶም ኢና ንርኢ።

- ➢ ***ዚጥመቕ ሰብ ብስም መን ክጥመቕ ኣለዎ?***

*ብመሰረት ትእዛዝ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ንዝኣመነ ሰብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኢኻ ወደ መዝሙር ጎይታ ኪኸውን ከተጥምቖ ዚግባእ። እዚ ድማ ንክርስቶስን ትምህርቱን ንኺስዕብ፣ ካብ ዓለም ወጺኡ ናብ ናይ ክርስቶስ መንግስቲ ምእታዉ ዚምስክሮ ምስክር እዩ። እዚ ምስክር እዚ ሓደ ኣቦ፣ ሓደ ጎይታ፣ ሓደ መንፈስ ከምዘሎና ዚምስክር ሓቂ፣ ብዛዕባ ስሉሳዊ ሓድነት* (ስላሴ) *ዚምስክር ሓቂውን እዩ።* (ማቴ 28፣19-20 ግብ 10፣48 ግብ 19፣15)

- ***ሰብ ክንደይ ሳዕ ብማይ ይጥመቕ***

*ኣብ ክርስትና ሓንቲ ጥምቀት እያ ዘላ። ንሳ ድማ ምስ ስጋ ክርስቶስ ሕብረት ከምዝገበርካ እሞ ብሞቱ ከምዝሞትካ ስለዚ ድማ ብጥምቀት እትቕበረላ ዘሎኻ ምኺና እትምስክረላ ፈቲኻ እትውስና እያ። ስለዚ እዚኣ እታ ድሕሪ እምነት እትፍጸም ጥምቀት ንሳ ሓንቲ እያ።* (ኤፌ 4፣4 ግብ 19፣1-7) *ኣሚኑ ሓንሳእ ባዕሉ ወሲኑ ብግቡእ መገዲ በዚ ዝተገልጸ ኣገባብ ዝተጠምቀ ሰብ ብድኻም ናብ ዓለም እንተተመልሰ ድሞ ድማ ተጣዒሱ ብንስሓ ናብ ጎይታ እንተተመልሰ ካልኣይ ጥምቀት ኣየድልዮን እዩ።*

- ***ንሓድሽ ኣማኒ ብማይ ዘጠምቖ መን ኢዩም?***

*ኩሉ ሰብ ብማይ ኬጥምቕ ኣይክእልን እዩ። ከምቲ ኣብነታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎና ግን ሃዋርያት፣ ወንጌላውያን፣ ጓሶት፣ መማህራን፣ ብሓፈሻ ብጹሓት ኣገልገልቲ እዮም ኬጥምቑ ዚግባእ።* (ማቴ 28፣19-28) *እዚኣቶም ኣብ ዘየለዉሉ፣ እሞ ድማ እቲ ሰብ ብግዲ ኪጥመቕ ዝወሰነ እንተኾነ፣ ዝተጠምቀ ክርስትያን ኣማኒ ኬጥምቖ ይኽእል። እዚ ግና ኣብ ኣገዳዲ ዝኾነ እዋን እዩ። እተጥምቕ ማሕበር ክሳዕ ዝሃለወት ግና ብስርዓት እታ ማሕበር ኪኸውን ይግባእ።*

- ***ምስጢር ጥምቀት***

*ምርዳእ ምስጢር ጥምቀት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሓት ሰባት ትርጉም ናይ ጥምቀት ሰኣን ምርዳእ ነዊሕ እዋን ከይተጠመቑ ይጸንሑ። እዚ ግና ግቡእ ክርስትያናዊ ስርዓት ዘይምፍጻም እዩ። ገለውን ኣብ ጥምቀት ግጉይ ኣመለኻኽታ ስለዝጸንሖም በቲ ግቡእ መገዲ ከይተጠመቑ ይጸንሑ። ግናኸ ምስጢር ጥምቀት ዓብዪ እዩ።*

- *ካብ ኣረጊት ባህርይ ናይ ስጋዊ ሰብነት ብእምነት ኣቢልካ ምስ ክርስቶስ ምስቃልካ ከምእትእውጅ፣ እሞ ብሞትን ትንሳኤን ከምዝሓበርካዮ ንዓለም እትነግረ ብስርዓት ጥምቀት እዩ።* (ግብ 2፣19 ሮሜ 7፣1-6 ቆሎ 2፣11-12) *በዚ ድማ እዮም ሰባት ድሕሪ ጥምቀት ስደት ዜለዓዕሉልካ።*
- *ክርስቶስ ኪስቀ ኸሎ ነቲ ሓጢኣተኛ ሰብነት ስጋ ዝኾነ ኣረጊ ሰብ ኹሉ ግብሩን ውድቀቱን ኣብ መስቀል ምስኡ ከምዝሰቐሎ ንሕና ድማ ብተምሳል ጥምቀት ንገልጾ።* (ኤፌ 4፣21-23 ቆሎ 3፣8-10)

- ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ክንመላለስ ብትንሳኤኡ ምስኡ ኣተሲኡና እዩ። ንሕና ኸኣ ከም ዝሓበርናዮ ብምእማን ድሕሪ ደጊም ናይ ሓጢኣት ባህርይን፣ እቲ ኣዳማዊ ሰብ ምስ ኩሉ ግብሩ ከም ዝሞተ ፈሊጥና ንፍቓድ ኣምላኽ ንኽንነብር ብጥምቀት ተቐቢርና ንትንስእ። (ሮሜ 6፣3-5)

➢ *ኣገዳሲ ነገር ብዛዕባ ጥምቀት*

ጥምቀት ምስቲ መምህርካ ወይ መራሒኻ ሓደ ምዃንካ ንምምስካር ኢኻ እትፍጽሞ እዩ። ከምኡ ኻብ ኮነ ድማ፣ ካብ ግብሪ ዓለም ወጺእካ ኣባል ናይታ ኣካል ክርስቶስ (ማሕበር) ምዃንካ እትምስክረሉ እዩ። (ገላ 3፣27-28 ሩት 1፣16-17 ግብ 2፣41-42) እዚ ጥምቀት እዚ ንዓለም ብግህዶ እትምስክረላ ነገር እዩ። እንተዘይተጠመቕካ፣ ብጎይታ ኣሚንካ ኽለኻ'ውን ዓለም ከም ናታ እያ ኣትርእየካ። ካብዚ እተላዕለ ድማ እዩ ኣብ ዓለም ሰብ ካብ ዝኾነ ዓይነት እምነት ናብ ክርስቶስ እንተመጸ፣ ፈለማ ሰብ ግዲ ዘይገብረሉ ወይ ብዙሕ ዘይጻረሮ። ሓንሳእ እቲ ሰብ ከምእተጠመቐ እንተተፈሊጡ ግን፣ ሂንዱ ኣንተነበር ተነጽሎ ካብ ሕብረተሰብ ይወርዶ፣ ኦርቶዶክስ እንተኾይኑ ይውገዝን ይስጎግን፣ እስላም እንተኾይኑ ክሳዕ ቅትለት ይበጽሖ፣ ካቶሊክ ኣንተኾይኑ ይውገዝ፣ ኣይሁዳዊ እተኾይኑ ስደት ይወርዶ ከምኡውን ካልእ ካብ ካልእ እምነታት። ጥምቀት ናይ ዓውታ ምስክርነት እምነት ብክርስቶስ እዩ።

➢ *ጥምቀት ኣበይ ይፍጸም?*

ጥምቀት ከምቲ ዝገለጽናዮ ምስክር እዩ። ንዓለም ብሓፈሻ ኢኻ እትምስክረላ ዘሎኻ እሞ፣ ንዓለም ወኪሎም ሰባት ዚሳተፉዎ ወይስ ዚርእዩዎ ኪኸውን ከሎ ሰናይ እዩ። ብዝኾነ ግን ጥምቀት፣-

- ኣብ ግሁድ ወይ ቃልዕ ቦታ ከም ሩባ፣ ባሕሪ ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰለ ማይ ዘለዎ ኪካየድ ይኽእል።
- እቲ ኸባቢ ስደት ወይስ ብርቱዕ ምጽራር ዘለዎ እንተኾነ ግን ኣብ ክውል ዝበለ ቦታ ኪካየድውን ይከኣል።

❖ ጥምቀት ቅኑዕ ዝኾነ ምስክርነት እንገብረሉ ኣገዳሲ ስርዓት እዩ። ክርስትያን ኣማኒ፣ ኪጥመቕ ከሎ ደጊም ወደ መዝሙር ክርስቶስ ምዃኑ ዚምስክሩ ሰባት፣ ዓለም ባዕላ፣ ከምኡውን ሰይጣን ባዕሉ ኣለዉ። እዚ ድማ ብክርስቶስ ኣሚንካ ምድሓን ከምዝረከብካ እትእውጅ ምስክርነት ናይ ምድሓንካ እዩ ዚኸውን እሞ፣ ኣብ ዓለም ግሁድ ናይ ክርስቶስ ዓቀይታይ ገይሩ የርእየካ።

# 6ይ ትምህርቲ

# ምልኣት መንፈስ ቅዱስ

ክርስትና ካብ ናይ ብሉይ ኪዳን ይሁድነት ካብ ዚፈልዮ ሓደ ንጡፍ ዕዮ መንፈስ ቅዱስ ምህላዉ እዩ። ኣብ ዘመን ነብያትን ነገስታትን እስራኤል መንፈስ ኣምላኽ "ኢድ እግዚኣብሄር" እናተባህለ ብቕጽበታዊ ምግላጽ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣቢሉ ይዓዪ ነይሩ። እዚ ድማ ከም ፍሉይ ተርእዮ ናይቲ እዋን እዩ ዚረአ ዝነበረ። ጸናሒ ዝኾነ ምልኣት መንፈስ እግዚኣብሄር ግና ኣይነበረን። የሱስ ክርስቶስ ድሕሪ ምምጻእ የሱስ ክርስቶስ እዩ ኣምላኻዊ መንነቱን ግሉጽ ዕዮኡን ኪፍለጥ ዝጀመረ። ብፍላይ እኳ "የሱስ ምስ ከበረ" ማለት ምስ ተንስአ እሞ ናብ የማን ግርማ ኣምላኽ ምስ ዓረገ "ተስፋ ኣቦ" ተባሂሉ ናብ ምድሪ ወሪዱ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 2 ከምእንርዮ ድማ መንፈስ ቅዱስ ብምልኣታዊ ኪዓዪ ንረኽቦ።

## ➢ መንፈስ ቅዱስ መን እዩ?

መንፈስ ቅዱስ ሳልሳይ ኣካል ስላሴ እዩ። "ስላሴ" ዚብል ቃል ኣብቲ ፍልጠት እግዚኣብሄር ዚብል ኣርእስትና ርኢናዮ ኣሎና። ስለዚ ስላሴ ንመንነት ኣምላኽ ዚገልጽ እዩ እሞ ኣብዚ ድማ ንመንፈስ ቅዱስ ኣካል ስላሴ እዩ ካብ በልናዮ፣ ንሱ ኣምላኽ ምዃኑ ኢና ንገልጽ ዘሎና። (ማቴ 28፣19-20 ግብ 5፣1-4) መንፈስ ቅዱስ ካብ መጀመርያ ኣብ ግብሪ ፍጥረት ብንጡፍ ዝዓየየ እዩ። ካብቲ ንዕዮኡ ዚገልጸ ነገር ድማ እቲ "ሰራጺ" እናተባህለ ዚፍለጠሉ እዩ። ንፍጥረት ኩሉ ህልውናኣዊ ውቃበ ወይስ ቅርጺ ዚህብ እዩ። መጀመርታ ኮነ መፈጸምታ የብሉን (እብ 9፣14)፣ ኩሉ ይኽእል (ሉቃ 1፣35)፣ ኣብ ኩሉ ኣሎ (መዝ 139፣7)፣ ኩሉ ይፈልጥ (1ቆረ 2፣10-11) እምበኣርከ ንመንነት መንፈስ ቅዱስ እንተኣጽናዕና ከምዚ ዚስዕብ ባህርያት ንረኽበሉ፣-

1. መንፈስ ቅዱስ ንሰብ ፈጠረ - ወዲ ሰብ ብመንፈስ ኣምላኽ እዩ ምሉእ ህልውና ዝረኸበ። "እቲ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር" ዚብል ቃል ኣቦ ንወድን መንፈስ ቅዱስን ዝበሎ እዩ። (ዘፍ 1፣26 ዘፍ 2፣7 እዮ 33፣4)
2. መንፈስ ቅዱስ ይዛረብ - ኣብ ብዙሕ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ብሉይ ኮነ ኣብ ሓድሽ መንፈስ ኣምላኽ ንሰባት ኪዛረቦም ከሎ ንርኢ። ሃዋርዋያት እኳ "መንፈስ ክርስቶስ በለና" "እቲ መንፈስ ብግሁድ ይዛረብ ኣሎ" ወዘተ እናበሉ ጽሒፎም ኣለዉ። ኣምበኣርከ መንፈስ ቅዱስ ይዛረብ እዩ። (ግብ 13፣2 ግብ 9፣10, 13፣12 1ጢሞ 4፣1 ራእ 2፣7)
3. መንፈስ ቅዱስ ይምህር - ብዛዕባ ክርስቶስ ሓቂ ዘበለ ኹሉ ዜፍልጠና መንፈስ ኣምላኽ እዩ። ንሰባት ኣምላኻዊ ፍልጠት ኣብ መንፈስና ዜቐምጥ ንሱ እዩ። (ነህ 9፣20 ዮሃ 14፣26 1ዮሃ 1፣ 20-21, 27)
4. መንፈስ ቅዱስ ይመርሕ - መንፈስ ቅዱስ "ናብ ኩሉ ሓቂ" ይመርሕ። ብሓቂ ውሉድ ኣምላኽ ንዝኾኑ ኸኣ እዩ ዚመርሕ። (ዮሃ 16፣13 ሮሜ 8፣15)

5. *መንፈስ ቅዱስ ይጉሂ* - *እግዚኣብሄር ሓጢኣት ብእትገብር ነፍሲ ባህ ከምዘይብሎ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። መንፈስ ቅዱስ ሰብ ኣብ ሓጢኣት ኪኣቱ ኸሎ ኣብ ውሽጢ መንፈሱ ኾይኑ ይምስክረሉ፣ ጓሂኡ ድማ ይገልጸሉ። በዚ ድማ እዩ ንሰብ ስለ ሓጢኣቱ ዚረትዖ።* (ኤፌ 4፣30 ኢሳ 63፣10)
6. *መንፈስ ቅዱስ ማሕተም ተስፋ ምድሓን እዩ* - *መንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ክርስትያን ኣመንቲ ኪወርሱዎ ዘለዎም ናይ ዘለኣለም ምድሓን ዕርቡን ርስቲ ኮይኑ ኣብ ኣመንቲ ይሓድር።* (ኤፌ 1፣13 ዮሃ 16፣13)

## ➢ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ብሉይ ኪዳን

*ኣብ ብሉይ ኪዳን መንፈስ ቅዱስ፣ "መንፈስ ኣምላኽ" "ኢድ እግዚኣብሄር" እናተባህለ ኣብ ፍሉያት ሰባት፣ ንኣብነት ኣብ ነብያት፣ ካህናት፣ ነገስታት፣ መሳፍንቲ፣ ንፍሉይ ዕዮ ይወርድ ምንባሩ ርኢና ኣሎና።* (ዘጻ 31፣3) *ገለ ካብቲ ዚዓዮ ዝነበረ ድማ፣-*

- *ጥበብን ክእለትን ምሃብ* - (ዘሁ 11፣25)
- *ናይ ምምሕዳር ክእለት ምሃብ* - (*መሳ* 6፣34 *መሳ* 11፣29, 15፣24)
- *ሓይልን፣ ትብዓትን ምሃብ* - (2ሳሙ 23፣2 2ዜና 20፣14-17)
- *ቃል ኣምላኽ ምሃብ፣ ኣብ ማእከል እስራኤላውያን'ውን ማሕደሩ ገይሩ ነበረ* - (ኢሳ 63፣11)

## ➢ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን

*መንፈስ ቅዱስ፣ ክርስቶስ ድሕሪ ምትንስኡን ምዕራጉን ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ እዩ ብጋህዲ ወሪዱ። ካብ ሽዑ (ቅድሚኡውን ብየሱስ) "መንፈስ ቅዱስ" እናተባህለ ኣብታ ብክርስቶስ ዝኣመነት ማሕበር ንፍሉይ ዕዮ ኣብ ፍሉያት ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ ኣማኒ ክርስቶስ ዘበለ ማሕደሩ ገይሩ ይርከብ። ብውልቂ ድማ ንሰባት ኪመርሕ፣ ኪምህር፣ ኪኣሊ ከምኡውን ብናይ ምግላጽ ሓይሉ ኪገሃድ ንርእዮ።* (ዮኤ 2፣26-32, *ማቴ* 3፣11 ዮሃ 1፣29-31 ዮሃ 7፣37-39, 14፣16-26, 16፣5-15 *ግብ* 1፣4-5)

*ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ምድሓንና ፈጺሙ፣ ኣብ የማን ኣምላኽ ምስተቐመጠ፣ ብበዓል ሓምሳ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ሃዋርያትን ኣመንትን ካብ ዚወረደ ጀሚሩ፣ ወንጌል ክርስቶስ ኣብ መላእ ዓለም ብሓይሊ ይግስግስ ኣሎ። ኣብ ዘመንና ድማ ብዙሕ ዓበይቲ ዕዮታት ናይ መንፈስ ቅዱስ ይዕየ ኣሎ። ዝተፈላለየ መገዲ ድማ ኣብ ዝተቐበልዎን፣ ዝእዘዝዎን፣ ዝፈቀዱሉን ኣመንቲ ክርስቶስ ብሓይለ መለኮቱ ይዓዪ።* (*ግብ* 2፣1-4, 2፣14-21, 4፣31, 8፣14-17, 10፣44-48, 19፣1-7)

*ንነዊሕ እዋን ኣብ ታሪኽ፣ ተራ ናይ መንፈስ ቅዱስ ብሰባት ተዘንጊዑ እዩ ነይሩ። ድሒ ዘመናት ግና ኣብ መበል* 20 *ክፍለ ዘመን መንፈስ ቅዱስ ከም ኣብ ዘመን ሃዋርያት ሕጂውን ብንጥፈት ኣብ ሰባት ከምዝዓዪ ፍልጠት ተረኺቡ። ካብዚ ዝተላለ ድማ ካብ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሩ፣ ዘመን መንፈስ ቅዱስ ተባሂሉ ይፍለጥ። ሰባት ተነሲሒም ንጎይታ ተቐቢሎም ከም ብሓድሽ ድሕሪ ምውላዶም ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኪግደሱ ጀሚሮም፣ ኪመልኡም ድማ ኪጽልዩ ክኢሎም። ብመንፈስ ቅዱስ ኪምላእ ድማ ንክርስትያን እተዋህበ ጸጋ እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ ናይ ህያብ ህያቡ ድማ ይህብ ኣሎ።*

## ➢ ኩሉ ጊዜ ብመንፈስ ቅዱስ ክንምላእ ዘድልየና፣

ክርስትያን ብደገፍ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ ህያው ኮይኑ ዚነብር። እምበኣርከ፣ ኣብ ኩሉ ህይወትና ማለት፣ ቃልስና፣ ሽግርና፣ ሓዘንና፣ ንሱ እዩ ደጋፍን መጸናንዕን ዚኾነና። ብዘይደገፍ መንፈስ ቅዱስ፣ ህይወትና ሓይሊ ዘይብሉ እዩ ዚኸውን። (ግብ 16-25 ዮሃ 14፣16 ዮሃ16፣7 ግብ 5፣41) ካልእ ካብ ሓይሊ ሓሊፉ መንፈስ ቅዱስ ዚገብረልና ነገር ከኣ፣-

- ንሰይጣን ክንቃወም ይሕግዘና። (ኤፌ 6፣18)
- ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን ስጋን ዓወትን ምስላጥን ኪህልወና ይሕግዘና። (ሮሜ 8፣12-13 ገላ 5፣16-17)
- ኣብ ኣገልግሎት ወንጌል (ምስክርነት) ሓይሊ ይህበና። (ግብ 1፣8)
- ኣብ ጸሎትና፣ ከም ፍቓድ ኣምላ ክንጽሊ ምርሒት ይህበና። (ሮሜ 8፣26 1ቆሮ14-13-15 ኤፌ 6፣ 18 ይሁ 20)
- ኹሉ ይምህረና፣ እቲ ቃል ኣምላኽ ዚነገረና ዘበለውን የዘክረና፣ ነቲ ዚመጽእ የፍልጠና፣ ናብ ኩሉ ሓቂ ይመርሓና። (ዮው 14፣26, 16፣13) ብፍላይ ቃል ኣምላኽ ክነንብብ ከሎና፣ ምግላጽ ይህበና።
- ኣብ ህይወትና ፍቓድ ኣምላኽ ክነለሊ፣ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና ክንፈልጥ ይሕግዘና። (1ቆረ 2፣10-12 ዮሃ 2፣20-27)
- መንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ ሓጢኣት ኮነ ካልእ ነገር ይረትዓና። (ዮሃ 16፣8)
- ኣብ ክንዳና ኮይኑ ይማልደልና። (ሮሜ 8፣27 ዘካ 12፣10)

## ➢ መንፈስ ቅዱስ ንምምላእ ኬማልኦ ዘለዎ

መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ ብጸጋ ዚህበና እዩ። ንዕኡ ንኽንረክብ ክንገብሮ ዘሎና ነገር የልቦን። ግናኽ ኣምላኽ ድማ ጸጋኡ ንትሕታት ከምዚህቦም ቃል ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ብኽመይ ዝበለ መንፈስ ክንቅበሎ ከምዘሎና ዜድልየና፣-

- ምጽማእን፣ ምድላይን - (ዮሃ 7፣37-39 ሉቃ 1፣9-13)
- ምእዛዝ - እግዚኣብሄር ነቶም ዚእዘዝዎ ምስጢሩ የፍልጦም - (ግብ 5፣32, 2፣37, 42)
- መንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ ኣገልገልቲ ወይ ኣሕዋት ኢዶም ኣንቢሮም ኪጽልዩልካ ምሕታት - (ግብ 8፣14-24, 9፣17-19, 19፣1-7)

እዚ ኪበሃል ከሎ ግን ብዘይ ኢድ ምንባር ናይ ሰባት፣ ሰብ መንፈስ ቅዱስ ኪምላእ ኣይክእልን እዩ ማለት ኣይኮነን። ሰብ ሓንሳእ ንጎይታ የሱስ ከም መድሓኒኡ ምስተቐበሎ ድሮ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ እዩ። መመሊሱ ኪምላእ ድማ የድልዮ። ምልኣት መንፈስ ቅዱስ፣ ሓይሊ ካብ ላዕሊ ምቕባል እዩ። ብናይ ኣምላኽ መለኮታዊ መንፈስ ምምላእ እዩ። እዚ ድማ ንኹሉ ኣማኒ ክርስቶስ የድልዮ።

ሰብ መንፈስ ቅዱስ ምስተመልአ፣ ኣብ ህይወቱ ካብ ዚገሃድ ነገራት ምስእንርኢ፣-

- ብሓድሽ ልሳን ወይ ብኻልእ ቋንቋታት ይዛረብ - (ግብ 2፣4, 10፣44-46 ማር 16፣17)
- መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወቱ ብሓይሊ ይሓድር እዩ እሞ ገለ ክእለታት ይወሃቦ - (ሮሜ 8፣9)
- ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓጎስ ይወሃቦ፣ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ከም ሩባታት ማይ ይውሕዝ። (ዮሃ 7)

❖ ሰብ ሓንሳእ መንፈስ ቅዱስ ምስተመልአ ብኡ ኺኣኽሎ እሞ ትም ኪብል ዘይኮነ፣ ዕለት ዕለት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እናቐረበ ብመንፈስ ኣምላኽ መመሊሱ ኺምላእ እዩ ዘለዎ። ነዚ ድማ እዩ ንመንፈስ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ኪጽምኦ ዘግባኣ። (ኤፌ 5፣15-19 ቆሎ 3፣16 ዘለ6፣13)

# 7ይ ትምህርቲ

# ኣገልግሎት

ክርስትና ዕቤት ዘለዎ ጉዕዞ ህይወት እዩ። ሰብ ተወሊዱ ኣዓበየ ክሳዕ ናብ ብጽሕና ደረጃ ከምዝዓቢ መጠን፣ ክርስትያን ድማ ብእምነት ምስተወልደ ካብኡ ቀጺሉ ቃል ኣምላኽ እናተመገበ ኪዓቢ ክሳዕ "ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ የሱስ" ኪዓቢ ይግብኦ እዩ። ግናኸ መንፈሳውነት ማለት ክርስትና መወዳእታ ዘይብሉ ጉዕዞ ዕቤት እዩ እሞ፣ ኩሉ ክርስትያን ተመሃሪ ልቢ ኪህልዎ ኣለዎ። ካብቲ ሓደ ናይ ደረጃ ብጽሕና ክርስትና ዝኾነ ነገር ናብ ደረጃ "ኣገልግሎት ክርስቶስ" ምብጻሕ እዩ።

ብርግጽ ሓደ ሰብ ብክርስቶስ ኣሚኑ ምስደሓነ፣ ዳግም ተወሊዱ እዩ እሞ ድሮ ኣገልጋሊ ክርስቶስ እዩ። ናይዚ ኣብነት ዚኾነና ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ። በታ ብወንጌል ኣሚኑ ዝደሓነላ እዩ ተለዊጡስ ወንጌል ክርስቶስ ኪሰብኽ ዝጀመረ። እናዓበኻ ምግልጋል እምበኣር ናይ ክርስትና ሓቂ እዩ።

ኣብ ህይወት ሰብ ድሕሪ እምነት ብክርስቶስ ዚፍጸም ነገራት ምስእንርኢ፣-

- ❖ ኣካል ናይ ሓደ ስጋ፣ ኣካል ክርስቶስ ኮይኑ እዩ።
- ❖ ነፍሲ ወከፍ ኣካል ዚፍጽሞ ነገር ይፍጽም ማለት ኣገልግሎት ኣለዎ።
- ❖ ነፍሲ ወከፍ ኣካል በቲ ናቱ ውህበት ወይ ድማ ተግባር ከምዜገልግል፣ በቲ ዝተዋህቦ ጸጋ የገልግል።
- ❖ ኣገልግሎት ካብ ህይወት እዩ ይጅምር። ሰብ በቲ ዚኣምነሉ ምንባር ምስጀመረ ሽዑ እዩ ዜገልግል።
- ❖ ብህይወትካ ድሕሪ ምጅማርካ ቀጺልካ ናብ ካልእ ደረጃ ኣገልግሎት ማለት ኣገልግሎት ንኻልኦት ገጹ ይሰፍሕ።
- ❖ ገለ ካብቲ ዚግልገል ኣገልግሎት፣-
    - ○ ምስፋሕ ወንጌል
    - ○ ንጽጉማት ምሕጋዝ
    - ○ ትሕት ዝበለ ዕዮታት ምዕያይ
    - ○ ምምዓድ (ምትብባዕ)
    - ○ ምምራሕ (ምምሕዳር)
    - ○ ምድንጋጽ (ምሕረትን ለውሃትን ምግባር)

ከነስተውዕሎ ዚግበኣና ኣገልግሎት ብዙሕ ምኻኑ እዩ። ኩሉ ክርስትያን ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ኣገልጋሊ እዩ። በበቲ ዝተዋህቦ ጸጋ ድማ ኩሉ የገልግል። ኣገልጋልን ተገልጋልን ዚበሃል ነገር ኣብ ክርስትና ኣይዓዩን

እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ንኹሉ ኪህልዎ ዚግባእ ነገር እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንገለ ሰባት ፍሉይ ህያብ ኪህልዎም በቲ ጸጋኦም እናዓበዩ፣ ዘገልግሉ ድማ ኣለዉ። ኣገልግሎት፣ ከም መጠን ጸጋ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ሓደ ሚዛን ኣለዎ። ስለዚ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ኣገልግሎት ጸጋ ክትተግሃሉን ከተዕብዮን እዩ ዚግባእ።